# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 33 ዓመት ቁ.202 ሰሉስ 23 ሚያዝያ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ካብ ሕማማት ዓይኒ



ገጽ 3




ቅኒት ክይንስሕት፡ 'ቅኒት ግዜ' ነለሊ

ገጽ 4



ንነብሰኻ ካብ ከተማ መሸታ

ገጽ 5
ቋንቋን ባህልን - መሳልል ዝምድናን ምሕዝነትን



ገጽ 7
ማእከል - ውድድር ዘዋሪት ዋንጫ ተዛዚሙ




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናብ ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶ ናይ ሓዘን መልእኽቲ ሰዲዱ



መዋቲ - ጀነራል ፍራንሲስ ኦማንዲ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብምኽንያት ሞት ዋና ኣዛዚ ሰራዊት ረፓብሊክ ኬንያ - ጀነራል ፍራንሲስ ኦማንዲ ኦጎላ፡ ናብ ፕረዚደንት ኬንያ - ዊልያም ሩቶ ናይ ሓዘን መልእኽቲ ሰዲዱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መልእኽቱ፡ በቲ ዘጋጠመ ዘሕዝን ሓደጋ ምሕምሻሽ ሄሊኮፕተር ዝተሰመዖ ሓዘን ብምግላጽ፡ ንፕረዚደንት ዊልያም ሩቶ፡ ከምኡ'ውን ንመንግስትን ህዝብን ኬንያን ስድራቤት መዋትን ጽንዓት ተመኒዩ።

ዋና ኣዛዚ ሰራዊት ኬንያ - ጀነራል ፍራንሲስ ኦጎላ፡ ብ18 ሚያዝያ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ናይሮቢ ብዘጋጠመ ሓደጋ ምውዳቕ ሄሊኮፕተር፡ ምስ 9 ኣዘዝቲ ሰራዊት ከምዝሞተ ዝዘከር እዩ።

# ማይ-ዓይኒ - ኣብ ግብርን ቀረጽን ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ቤት ጽሕፈት ኣታዊ ወሸጢ ሃገር ዞባ ደቡብ፡ ንልዕሊ 300 ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ወሃንቲ ንግዳዊ ሕርሻ፡ ኣቦታት ዓድን ኣካባቲ ግብርን - ኣብ ግብርን ቀረጽን ዝዝከረ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ኣብቲ ኣብ ማይ-ዓይኒ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣታዊ ወሸጢ ሃገር ዞባ ደቡብ ኣቶ መሳ ማሕመድ፡ ኣታዊ ዝርከብ ሰብ ኩሉ - ኣታዊኡ ኣፍሊጡ ግቡእ ግብሪ ክኸፍል ግዴታ ከምዘለዎ ብምትሕስሳብ፡ ግብሪ ኣብ ግዜኻ ዘይምኽፋል ዘይተደልየ መቕጻዕቲ ከምዘስዕብ ኣገንዚቡ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ ግብሪ ካብ ሕርሻ ገጠር፡ ንግዳዊ ንጥፈታት፡ ከምኡ'ውን ካብ ንግዳዊ ሕርሻ በብዓይነቱ ከም ዝእከብ እንተኾነ - ክፍሊት ግብሪ ኣብ ግዚኡ ብዘይምኽፋሉ ውዝፍ ዕዳ ከምዘሎ ዝገለጸ ኣቶ መሳ፡ ኣካባቲ ግብሪ ሕርሻ ገጠር ብዕቱብነት ክሰርሑ፣ ኣቦታት ዓድን ኣመሓደርቲ ከባቢን ደጋ ክተሓባበሩዎም ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ፡ ምድንጓይ ቅብሊታትን ጸገም መጓዓዝያን ቀንዲ ብድሆ ኩይኑዎም ከምዘሎ ብምምልካት፡ ቤት ጽሕፈት ኣታዊ ወሸጢ ሃገር ንፍታሕ ስጉምቲ ክወስድ ሓቲቶም።

# ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ፡ ኣብ ምሕደራ ሰነዳት ሰሚናር ተዋሂቡዎም

ኣብ ግቡእ ምሕደራ ሰነዳትን መዛግብትን፡ ብ20 ሚያዝያ - ንኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ሰሚናር ተዋሂቡ።

ዳይረክተር ማእከል ምርምርን ሰነዳትን ህግደፍ ወ/ሮ ኣዜብ ተወልደ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጸፍሒታት ዝገልግሉ ሓለፍትን ሕጹያት ሰልጠንቲ ኣተዓቓቕባ ሰነዳትን - ኣብ ጉዳም ኣብ ዝዘበቶ ሰሚናር፡ ንታሪኻዊ ድሕረባይታን ከኣታትን ሰነዳ ኣብ እዋን መግዛእቲ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልስን ድሕሪ ናጽነትን በብመድረኹ ብኣብነታት እናኣሰነየት ሰፊሕ መብርሂ ሂባ።

ወ/ሮ ኣዜብ ብዘውሰኸ፡ ኣብ ኣገዳስነት ሰነዳ ኣብ ምፍጣር ትካላዊ ባህልን ሓብራዊ ዝኽርን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣድላይነትን ኣተዓቓቕባን ሰነዳት ኣብ ናይ ነዊሕን ሓጺርን ንጥፈታት ትካልን ምስጠራወኑት ትካልን ካልእን እውን ዝርዝራዊ መግለጺ ኣቕሪባ።

ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኮሎኔል መልኣከ ተኽለማርያም፡ እቲ ሰሚናር ዕላማኡ - እዚ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ኣብ ኣተሓሕዛ ሰነዳት ብሓፈሻ፡ ኣብ ዕቃብ ምስጢራዊ ሰነዳትን ኣተሓሕዛ ዝተፈላለየ ንብረትን ሱፍልጢቃዊ ግንዛበ ንምስራጽ ምዃኑ ሓቢሩ።



# ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ሰለስተ ዞባታት - ገስጋስ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት ገምጊሙ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ካብ 16 ክሳብ 19 ሚያዝያ፡ ንገስጋስ ቀዳማይ ርብዒ ዓመትን ምልላይ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጂያዊ ውጥንን ብዝምልከት - ኣብ ዞባታት ማእከል፡ ዓንሰባን ጋሽ-ባርካን ኣኼባታት ኣካይዱ።



ኣብቲ - ሚኒስተር ሕርሻ፡ ኣመሓደርቲ ዞባታትን ንኡሳን ዞባታትን፡ ላዕለዎት ሓለፍትን ክኢላታትን ሕርሻ ዝርከብዎም ልዕሊ 400 ሰብ ዝተሳተፍዎ ኣኼባታት፡ ሕመረት ናይ'ቲ ኣብ ሓሙሽተ ፕሮግራማት - ማለት ልምዓት መሬትን ምሕደራ ባህርያዊ ሃብትን፣ ልምዓት ዘራእቲ፣ ልምዓት እንስሳ፡ ወሁድን ዘላቕን መንበሮን ሕርሻዊ ንግድን፣ ምሕያል ትካላውን ሰብኣውን ዓቕሚ ዝጠቓልል፡ ካብ 2024 ክሳብ 2028 ዝዝርጋሕ፡ "ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኩሉ!" ዝማእከሉ ስትራተጂያዊ ውጥኑ፡ ብመንገዲ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ቀሪቡ።

ዞባታት እውን፡ ኣብ'ዞም እተጠቕሱ ፕሮግራማት ዝተኩሩ - ኣብ ቀዳማይ ርብዒ 2024 ዝተተግበሩ መደባትን ውጥናትን ኣቕሪቦም።

እቶም ጸብጻባት፡ ኣብ ዝርጋሐ ክኢላዊ ዓቕሚ-ሰብ ናብ ደረጃ ዓድን ምምሕዳርን ከባብን፣ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፣ ምስራሕ መጠኑንኡስ ዲጋታት፣ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን፣ ጥዕና እንስሳን ብቝልን፣ ሕርሻዊ ቀጽጽር፣ ንጥፈታት መኻዕበቲ እቶት ሕርሻ፣ ምርምራትን ፈተነታትን፣ መኸተ ኣንበጣ ገረብን ካልኦትን ዘተኩሩ ነይሮም።

ድሕሪ ዓሚቕ ዘተ፡ ምፍዋስ ማይ-ኩዕታት ኣብ ግዜኡን ብምልኣትን ክትግበር፣ ኣብ መኣዛ ዘተኩረ ኣገባብ ሕርሻ ክድፋኣሉ፣ ምምዕባልን ምእካብን ምሩጽ ዘርኢ፣ ሳዕሪ ብዕቱብ ክተሓዝ፣ ተጠቃምነት ፈሳሲ ድኹዕን ካብ ዘቤታዊ ጉሓፍ ዝዳሎ ኮምፖስትን ክተባባዕ . . . ዝበሉን ካልኦት ሓያሎ ኣገደስቲ ርእይቶታት ቀሪቦም።

ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ እቶትን እቶታውነትን ንምሽሳኑ፡ ብመንገዲ ኣበርታውያን ሓረስቶት፡ ብዋጡም ሕርሻዊ ልምዓት ኣብ ዓድታት፡ ብንኡስ ወሁድ ስድራቤታዊ መደብ ሕርሻ ከምኡ'ውን ብንኣሽቱን ማእከሎትን ንግዳውያን ሕርሻታት - ሰፋሕቲ ተበግሶታት ይትግበሩ ከምዘለዉ፡ ዘተባብዕ ውጽኢቶም ናብቲ ዝድለ ዕላማ ንምብጻሕ ክኡ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ምዃኑ ገሊጹ።






# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ካብ ሕማማት ዓይኒ




ኣዒንቲ ሓደ ካብቶም ልዑል ጥንቃቐን ክእነን ዘድልዮም ወሳንቲ ኣካላት ወዲ-ሰብ እየን። ካብ ጠቕላላ ስምዒት ወዲ-ሰብ፡ እቲ 75 ሚእታዊት ኣዒንትና ብዝመሓላለፍኦ መልእኽቲ እዩ ሓንጎልና ትእዛዝ ዝህብ። እቲ ዝተረፈ 25 ሚእታዊት ስምዒታት ወዲ ሰብ፡ ካልኦት ናይ ስምዒት ህዋሳት ናብ ሓንጎልና ብዝመሓላለፍዎ መልእኽቲ ንጥፈታትና ይፍጽም። ስለዚ፡ ምሕላው ጥዕና ዓይንና ኣብ ምውናን ልዑል ኣካላዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ ስነ-ልቦናዊን ስነ-ማሕበራዊን ስምዒታት ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ።

ኣዒንትና ብዝተፈላለዩ ሕማማት ክጥቅዓ ይኽእላ እየን። ብሰንኪ ከም ሽኮርን ልዑል ጸቕጢ ደምን ዝኣመሰሉ ሕማማት ዝስዕቡ ዘለዉ ጸገማት ዓይኒ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ካብቶም ልዑል ኣተኩሮ ዘድልዮም ኮይኖም ይርከቡ።

**ግላኮማ**

ግላኮማ፡ ኣብ ዓይኒ ንዝርከብ ቀንደን ወሳኒን ዝኾነ 'ኦፕቲክ ነርቭ' ብምህሳው ዝስዕብ፡ ሓደ ካብ ግሉጽ ሕማም ዓይኒ እዩ። እዚ ጸገም'ዚ ኣብ ውሽጢ ዓይኒ ምስ ዝፍጠር ጸቕጢ ምትእስሳር ኣለዎ።

'ኦፕቲክ ነርቭ' ካብ ሓደ ሚልዮን ንላዕሊ ዝበዝሑ ሻምብቆታት ዝሓዘ መትኒ እዩ። ንዓይኒ ናብ ሓንጎል የራኽብ። ዓይንና ዝረኣየ ምስልታት ናብ ሓንጎል ናይ ምትሕልላፍ ሓላፍነት ይስከም።

ግላኮማ ቀንዲ ንኦፕቲክ ነርቭ ዘጥቅዕ ዓይነት ሕማም ዓይኒ እዩ። ምስ ግዜ እናበኣሰ እዩ ዝኸይድ። 'ኦፕቲክ ነርቭ' ምሉእ ብምሉእ ስለ ዝጎድእ ግዝያዊ ናይ ምርኣይ ጸገም ወይ ምሉእ ብምሉእ ዑረት ክስዕብ ይኽእል።

መብዛሕትኦም ግዳያት ግላኮማ ኣብቲ ፈለማ ዝኾነ ምልክታት ኣየርእዩን እዮም። ስለዚ፡ ኣዒንትና ቀጻሊ መርመራታት ብምክያድ ንግላኮማ ክንከላኸሎን ክንቆጻጸሮን ከም ዝኽእል ኣይንዘንግዕ።

**ጠንቂ ግላኮማ**

ኣብ ዓይንና ዝርከብ ፈሳሲ 'ኣኲዩስ ሁመር' (aqueous humor) እዩ ዝበሃል። እዚ ፈሳሲ ኣብ ውሽጢ ስኢዓት ዓይኒ ካብን ናብን ይውሕዝ። ብኡ ኣቢሉ'ውን ንደገ ይወጽእ። ዝኾነ ካብቶም ነቲ ስኢዓት ዘቖሙ ኣካላትም ቀጠንቲ ሻምብቆታት ምስ ዝጸቡ፤ ወይ ዓይኒ ልዕሊ ዓቐን ፈሳሲ ምስ ዝህልዎ፤ እቲ ፈሳሲ ኣብ ገለ ክፋል ናይቲ ሻምብቆ ክእከብ ግድን እዩ። ሓደ ሓደ እዋን፡ ተመራመርቲ ነቲ ፈሳሲ ዝጸንዖ ምኽንያት ብጹር ክልልዮዎ ይጽገሙ እዮም። እንተኾነ፡ ብዘወርሶ ዝመጽእ ክኸውን'ውን ይኽእል እዩ።

ብጠቕላል ዝስዕብ መጉዳእቲ፡ ከቢድ ረኽሲ ዓይኒ፡ ምዕጋት ሻምብቆታት ደም ኣብ ውሽጢ ዓይኒ፡ ምቕጻል ወዘተ ብዙሕ ዘይተለምዱ ጠንቅታት ግላኮማ ኮይኖም ይጥቀሱ እዮም። ንሉእ ጸገማት ናይ ዓይኒ ንምፍዋስ ተባሂሉ ዝወሃብ መብጥሓቲ'ውን ብኣዝዩ ትሑት ቁጽሪ ይኹን'ምበር፡ ድሕሪ ጠንቂ ግላኮማ ኮይኑ ይመጽእ እዩ።

ግላኮማ ምልክታቱ ቀልጢፉ ኣየርእን እዩ።

* ኣብ ብርሃን ዝደጋገሐ ጭጋ ምርኣይ፤

* ዝተወዳበረ ምስሊ ምምልካት፤

* ምቕያሕ ዓይኒ፤

* ጽልግልግ ምባል (እዚ ብፍላይ ኣብ ህጻናት ጊዜ ይርአ)፤

* ዕግርግር ምባልን ተምላስን፤

* ቃንዛ ዓይኒ ወዘተ ገለ ካብቶም ዝጥቀሱ ምልክታት ናይቲ ሕማም እዮም።

ግላኮማ ዝበዝሐ ግዜ ልዕሊ 40 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት እዩ ዘጥቅዕ። ኣብጽሒ ህጻናትን ዕሸላትን'ውን በዚ ሕማም'ዚ ክጥቀዑ ይኽእሉ እዮም። ናይ ሓጺር ወይ ናይ ነዊሕ ናይ ምርኣይ ጸገም ምስ ዝህልወካ፤ ግዳይ ሕማም ሽኮር፡ ጸቕጢ ደም፡ ዝተፈላለዩ ሕማማት ልብን ካልእ ሕዱር ሕማማትን ምስ እትኸውን፤ መጉዳእቲ ናይ ዓይኒ ምስ ዘጋጥመካ ብግላኮማ ክትጥቃዕ ትኽእል ኢኻ።

**ኩልመት/ትራኮማ**

ኩልመት (Trachoma) ብዓይኒ ክረኣዩ ብዘይኽእሉ ታህዋስያን ዝመጽእ ሕማም ዓይኒ እዩ። እዚ 'ባክተርያም ክላሚድያ ትራኮማቲስ' (bacterium Chlamydia trachomatis) ብዝተባህለ ታህዋስያን ዝመጽእ ሕማም ዓይኒ'ዚ፡ ቀስ ብቐስ ዑረት ዓይኒ የስዕብ።

ኩልመት ኣዝዩ ተላባዒ እዩ። ካብ ሰብ ናብ ሰብ ልዑል ናይ ምትሕልላፍ ተኽእሎ ኣለዎ። በቲ ሕማም ናይ ዝተለኽፈ ዓይኒ፡ ከንፈር ዓይኒ፡ ኣፍንጫ ብምትንካፍ ክመሓላለፍ ይኽእል። በቲ ባክተርያ ዝተበከሉ ነገራት፡ ከም መንዲል ናይ ኣፍንጫን ሸምዓን ብምትንካፍ'ውን ክሓልፍ ይኽእል።

ኩልመት ብቐሊሉ ክትከላኸሎ ትኽእል ሕማም ዓይኒ'ኳ፡ እንተኾነ ብደረጃ ዓለም ዑረት ብምምጻእ ኣብ ቅድሚት ይስራዕ። እቲ ሕማም ዝዓዳ ኣብ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ህጻናት ጊዜ ይርአ። እቲ ሕማም ካብ ዘጥቅዖም ግዳያት እቶም 60 ሚእታዊት ህጻናት ምዃኖም ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የረድእ።

ምልክታት ሕማም ኩልመት መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ክልቲኡ ኣዒንቲ እዩ ዝርአ።

* ሰሓን ቃንዛን ኣብ ውሽጢ ዓይንን ከበር ዓይንን፤

* ምውጻእ ምጉሊ (pus) ካብ ዓይኒ፤

* ሃርሃርታ ወይ ሕበጥ ዓይኒ፤

* ተጻላፍነት ንብርሃን (photophobia)፤

* ምቕያሕ ዓይኒ ወዘተ እዮም።

ሕማም ኩልመት ክጀምር እንከሎ ዓይኒ ቀደሐ ሕብሪ ከም ዝሓዘ ይገብር። ድሕሪ ሓደ ወርሒ ኣብ ውሽጢ ከበር ዓይኒ ብጫ ዕንፍሩር ክርአ ይጅምር። ኣብዚ ደረጃ'ዚ ጸዕዳ ዓይኒ ክሽድር ይርአ። ኣብ ላዕለዋይ ጫፍ ናይ ጉልሓ (cornea) ብዙሓት ሓደስቲ ቀጠንቲ ሰራውር ደም ይረኣዩ። ብጥልጥ ከበር ዓይኒ ዕንፍሩር ክወጽእ ይጅምር። ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲ ጸገም ብርጭ ኩልመት ምዃኑ ይገለጽ።

**ንኩልመት ተኣፈፍቲ መን እዮም?**

ኩልመት ንምልባዕ ዘጋድዱ ረቛሒታት ሓያሎ እዮም። ገለ ካብኦም ንምጥቃስ–

**ተኣኪብካ ናይ ምንባር ልምዲ– ኣብ መዓስከር፡** ማሰልጠኒ ማእከላት ወዘተ ዝኣመሰሉ፡ ሰባት ብብዝሒ ዝነብርሉ ከባቢታት ኩልመት ንምልባዕ ዝመቻቹ ባይታ እዮም።

**ትሑት ኣከባብያዊ ጽርየት–** ጽሬት ኣካላት ዘይምሕላው፡ ጽሩይ ዝስተ ማይ ዘይምህላው፡ ጽሩያት ኣትክልቲ ዘይምህላው፡ ብምትንኻፍ ንዝፍጠር ምልባዕ ሕማም ኩልመት ምቹእ እዩ።

**ዕድመ–** እቲ ሕማም ኣብ ዘለዎ ከባቢ፡ ንምትሕልላፍ ናይቲ ሕማም ዝያዳ ዝመቻቹ ካብ 4 ክሳብ 6 ዓመት ዝርከቡ ህጻናት እዮም። እዮም ህጻናት ኣብ ርእሲ'ቲ ክህልዎም ዘኽእል ትሑት ኣካላዊ ጽሬት፡ ዝለዎም ኣካላዊ ምቅርራብን ምትንኻፍን ዝለዓለ እዩ።

**ጾታ–** ኣብ ገለ ከባቢታት ደቂ-ኣንስትዮ በቲ ሕማም ናይ ምልባዕ ተኽእሎአን ካብ ደቂ-ተባዕትዮ ካብ ክልተ ክሳብ 6 ሳዕ ዝዛይድ እዩ።

**ሃመማ–** ሃመማ ብብዝሒ ኣብ ዝረብሓሉ ረሳሕ ከባቢ ዝነብሩ ሰባት ብኩልመት ዝያዳ ተኣፈፍቲ እዮም።

**ሓበላ ዓይኒ**

ሓበላ ዓይኒ (cataract) ንውሽጣዊ መጽር ዓይኒ ማለት ሌንስ ዘጥቅዕ ጸገም ዓይኒ እዩ።

ካታራክት ጻዕዳ ደበና ነገር ንሌንስ ዓይንና ክሽፍና እንከሎ ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ኣብ ዓይንና ዝርከብ ፕሮቲን ተኣኪቡ፡ ብሌን ዓይኒ ናብ 'ረቲና' (ናይ ውሽጢ ዓይኒ) ግቡእ መልእኽቲ ካብ ምትሕልላይ ይዕንቅፍ። ኣብዚ እቲ ዝተኣከበ ፕሮቲን ንዓይንና ከም ዝጽዕዱ እዩ ዝገብር። እቲ ዝፍጠር ጻዕዳ ሕብሪ ናብ ረቲና ብርሃን ንኸይሓልፍ ብምኽልካል ናይ ምርኣይ ጸገም ይፈጥር።

ሓበላ ዓይኒ ካብቶም ክኣልዩ ዝኽእሉ ቀንዲ ጠንቂ ዑረት ዓይኒ እዩ።

* ንጽርኒ ጹሓይ ዝያዳ ምቕላዕ፤

* ከም ሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን ዝኣመሰሉ ሕዱር ሕማማት ግዳይ ምዃን፤

* መጉዳእቲ፤

* ወሰፍ ሽጋራን ኣልኮላዊ መስተን ምዃን ወዘተ ገለ ካብቶም ጠንቅታት ሓበላ ዓይኒ እዮም።

**ቁጥዐ ዓይኒ**

ዓይንና ምስ ተኣፋፊ ወይ ዘሕሊ ሳዕስዒታት ምስ ዝራኸብ፡ ንምክልኻሉ ኣብ ዘሎ ማዕርሕ ዝፍጠር ደም ዝሰረብ ዝመስል ምቕያሕ ዓይኒ ቁጥዐ ዓይኒ (eye allergy) ተባሂሉ ይግለጽ።

እቲ ንዓይንና ክቖጥዖ ዝኽእል ወህዮት ሳዕስዒታት - ከም ጸጊ (ናይ ዕንባባ)፡ ደርና ወይ ትኪ ክኸውን ይኽእል።

ቁጥዐ ዓይኒ ምስ ዝህልወና፡ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ሰብነትና ንምፍዋሱ ኣብ ዘካይዶ ጻዕሪ፡ ከም ሰሓን ተደጋጋሚ ምንባዕን ዝኣመሰሉ ምልክታት ከርኢ ንበር እዩ።

**ምልክታት ቁጥዐ ዓይኒ እንታይ እዮም?**

እቶም ምልክታት–

ሰሓን ምቕጻል ዓይንን፤

ቀጻሊ ምንባዕን ቀጭ ቀጭ ምባልን፤

ምቕያሕ ዓይኒ፤

ምቕርራፍን ዕንፍሩርን ኣብ ከቢ ቆርበት ዓይኒ፤

ብፍላይ ካብ ድቃስ ኣብ እትበራበረሉ ዝፍጠር ምሕበጥ ግልባጥ (eyelids) ዓይኒ እዮም።

ቁጥዐ ዓይኒ ዘለዎ ሰብ፡ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ጸርርታ ኣፍንጫ፡ ተደጋጋሚ ምህንጣስ ወይ ምሃፍን ኣፍንጫ ዝኣመሰሉ ምልክታት የርኢ እዩ።

ቁጥዐ ዓይኒ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ሓንቲ ወይ ኣብ ክልቲኤን ኣዒንቲ ክርአ ይኽእል።

**ጠንቂ**

ቁጥዐ ዓይኒ ክስዕቡ ዝኽእሉ ጠንቅታት ብዙሓት እዮም። መብዛሕትኦም ኣብ ኣየር ተበቲኖም ዝጸንሑ ክኾኑ ይኽእሉ። ከም፦

= ጸምሪ ዕስ፡ ትኪ፡ ደርና ወዘተ።

ብዝተፈጥሮ ሰብነትና ናብ ውሽጥና ንዝኣቱ ተጻዋኢ ነገር ንምክልኻል ዝጥቀመሉ ናይ ባዕሉ መካኒዝም ኣለዎ። ሓደ ካብኡ ኬሚካላዊ ነገር ምፍጣር እዩ። ዓይንና ዝኾነ ደርና ይኹን ወይ ታህዋስያን ክኣትዎ እንከሎ፡ 'ሂስታሚን' (histamine) ዝተባህለ ኬሚካላዊ ነገር ይፈጥር እዩ። እዚ ኬሚካላዊ ነገር'ዚ፡ ሰሓን ተደጋጋሚ ንብዓትን የስዕብ። ከም ጸርርታ ኣፍንጫ፡ ምህንጣስን ምሃፍን ዝኣመሰሉ ምልክታት'ውን ይፈጥር እዩ።

**ዑረት ዓይኒ ንምክልኻል....**

ኣቐዲምካ ጸገማት ዓይኒ ምልላይን ግቡእ ሕክምና ምርካብን ክስዕብ ካብ ዝኽእል ዑረት የድሕን።

ናብ ሕክምና ብምኻድ ኣድላዪ መርመራን ክእለን ምግባር።

ህጻናት ናይ ምርኣይ ድኻም ምስ ዘርእዩ ብቕልጡፍ ኣዒንቶም ክምርመራ ምግባር። ናይ ነዊሕ ወይ ናይ ሓጺር ርሕቀት ናይ ምርኣይ ጸገም ዘለዎም ህጻናት መርመራ ኣካይዶም ዝተኣዘዞም መጽር ምስ ዝጥቀሙ ክወርዶም ካብ ዝኽእል ሓደጋ ዑረት ክከላኸሉ ይኽእሉ።

ሕማም ዓይኒ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብቐሊሉ ክመሓለፍ ስለ ዝኽእል፡ ኣትክልትናን ገጽናን እናኻልና ብማይን ሳሙናን ምሕጻብ።

ረኽሲ ዓይኒ ናይ ሓባር ሽጎማ ብምጥቃም ካብን ናብን ክመሓለፍ ስለ ዝኽእል ምጥንቃቕ።

ህጻናት ምስ ዕድመ ኩጋጥሞም ንዝኽእል 'ጋህሚ' ንምክልኻል፡ ግቡእ ጸብጠብ ኣደ ክረኽቡ ይግባእ። ኣብ ኣመጋግባና ኣሕምልትን ፍረታትን ምዝውታር'ውን ንጥዕና ዓይኒ ኣገዳሲ እዩ።

ኣልኮላዊ መስተን ሽጋራን ንዓይኒ ጎድኢ ልምዲ ምዃኑ ምስትብሃል።

ባህላዊ ፈውስታት ንዓይኒ ጉድኣት ብምዃኖም ከም ዘውግዱ ምግባር።

ኣብ ዓይኒ መጉዳእቲ ከስዕቡ ዝኽእሉ በሊሕቲ ነገራትን ኬሚካላትን ህጻናት ኣብ ዘርክብዎ ቦታ ምቕማጥ።

ጸረ ንፍዮ ክታበት፡ ብንፍዮ ክስዕብ ንዝኽእል ዑረት ዓይኒ ስለ ዝከላኸል፡ ህጻናት ኣብ ግዜኦም ግቡእ ክታበት ክወስዱ ይግባእ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

## ሓበሬታ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2018፡ ሕማም ንፍዮ ንምቊጽጻር ብደረጃ ሃገር ዘካየዶ ሰፊሕ ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት፡ ሎሚ ዓመት ድማ ሕማም ንፍዮን ሩቤላን - ካብ ደረጃ ምቊጽጻር ናብ ደረጃ ምጥፋእ ንምስጋር ካብ 24 ክሳብ 28 ሚያዝያ 2024፡ ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ከምኡ'ውን ዕደላ ቫይታሚን "ኤይ" ከካይድ እዩ።

ኣብ'ዚ ወፍሪ ክታበት ዝኽተቡ መን'የም?

*እናተራእየ ከም ኣድላይነቱ፡ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ከም ዝኽተቡ ክግበር እዩ።

**ብተወሳኺ–**

* ኩሎም ካብ 6 ክሳብ 59 ወርሒ ዕድመ ዘለዉ ህጻናት ድማ፡ ናይ ክታበት ካርዶም ሐዚዎም ኣብ መኽተቢ ነቑጣ ብምምጻእ ቫይታሚን "ኤይ" ክወስዱ እዮም።

**ስለምንታይ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ኣብ'ዚ እዋን?**

1. ኑዩም ቅድሚ ሕጂ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ከይተኸትቡ ዝሓለፎም ህጻናት ረኺብካ፡ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ከም ዝኽተቡ ምግባር፤

2. ኑዩም ቅድሚ ሕጂ ተኸቲቦም ምሉእ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ዘየማዕበሉ፡ በዚ ናይ ሕጂ ክታበት ዝያዳ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ንኽየማዕብሉ ምሕጋዝ፤

3. ብስንሒድብ ንዝኣተወ ሕማማት ንፍዮን ሩቤላን ብምቊጽጻርን ሽፋን ክታበት ልዕሊ 98% ከም ዝበጽሕ ብምግባርን፡ ሕማም ንፍዮ ካብ ናይ ምቊጽጻር ደረጃ ናብ ምሉእ ምጥፋእ ከም ዝሰጋገር ምግባር።

ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓበሬታ፡ ኩሎም ወለዲ ይኹኑ ኣለይቲ ካብ ክሊ ዕድመ 6 ወርሒ ክሳብ 5 ዓመት ዘለዉ ደቆኽም፡ ካብ ዕለት 24 ክሳብ 28 ሚያዝያ 2024 ኣብ ዝካየድ ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ከምኡ'ውን ምዕዳል ቫይታሚን "ኤይ" ናብ ጥቓኹም ዝርከብ ትካል ጥዕና ወይ ግዝያዊ መኽተቢ ነቑጣ ናይ ክታበት፡ ካርድ ሒዝኩም ብምምጻእ ደቅኹም ከተኽትቡ ሚኒስትሪ ጥዕና ይሕብር።

**ጥዕና ደቅና ብኽታበት ነውሕስ!**




# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ቅኒት ከይንስሕት፡ 'ቅኒት ግዜ' ነለሊ

ዝኸውን ብቑዕ ስነ-ጥበበኛ ናይ ገዛእ-ርእሱ ተፈጥሮኣዊ/ባህርያዊ ቅኒት ከም ዘለዎ ዝግለጽ። ሓደ ጸሓፊ ካብቲ ሓደ ዝፈልዮ ድማ እዚ ናይ ውልቁ ትዕድልቲ ወይ ዕጫ እዩ። እዚ 'ቕኒት'ዚ፡ ሓደ ስነ-ጥበበኛ - ንብል ደራሲ ፊልም - መዓልታዊ ንኸንደይ




ንውሓት ግዜ ከይሰልቸዎ ክጽሕፍ ይኽእል ዝሕግዞ ናይ ወኒ ጉዳይ ዝውክል እዩ። ገለ ጸሓፍቲ፡ መዓልታዊ ብቐጻሊ ንሓንቲ ሰዓት ክጽሕፉ ይኽእሉ፣ ገለ ኸኣ ኣብ ሳልስቲ ክልተ ሰዓት፣ ገለ ኣብ ሰሙን ክልተ ወይ ሰለስተ፣ ገለ ኸኣ ምሉእ መዓልቲ ክጽሕፉ ይውዕሉ - ከም "ወለዋርያትካ" ዝእዝዞ እዩ። ሄሚንግወይ ዝተባህለ ደራሲ መዓልታዊ 500 ቃላት ይጽሕፍ ነይሩ ይበሃል። ገለ ኸኣ ኣለዉ መዓልታዊ ካብ ክልተ ክሳዕ ሰለስተ ሽሕ ቃላት ዝጽሕፉ፣ ኣለዉ'ውን ዓሰርተ ሽሕ ዝጽሕፉ፤ ከም ሕብርናን ምስልናን ባህርያትና ብዙሕ'ዩ። እቲ ኣብዚ ዝለዓለ ኣገዳሲ ነጥቢ፡ ካብ ካልኦት ጸሓፍቲ ዝጽሕፉዎ ብፍቕዲ ዝበዝሐ ወይ ዝቐነሰ - ወይ'ውን ምስቲ ኣቐዲምካ ባዕልኻ ትጽሕፎ ዝበርከ ብምንጽጻር - ምጽሓፍ ማለት ኣይኮነን። እቲ ወሳኒ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ቡቲ ናይ ገዛእ-ርእሱ ወጽኢታዊ ፍጥነት ክጽሕፍ ምኽኣሉ'ዩ። ክንዲ ዘቑረጽካ ኣቛርጽ፡ ክንዲ ዝቐልጠፍካ ቀልጥፍ፡ እቲ ነጥቢ ብናይ ገዛእ-ርእስኻ ፍጥነት ምቕናይ እዩ ወጽኢታዊ ስራሕ ክትሰርሕ ዘኽእለካ። ትርጉም ዘይብሉ ኣሸሓት ቃላት ካብ ምድርዳር ዘይምጽሓፍ ከም ዝበልጽ ርዱእ'ዩ። ስለዚ፡ ንስለ ምጽሓፍ ዘይኮነ ወጽኢታዊ ጽሑፍ ምጽሓፍካ'ዩ እቲ ወሳኔ። "ፋይዳ የብሉን ምኩሕ ሓፍኔ፡ ንቕሓት'ዩ ወሳኔ!" ክበሃል ሰሚዕና ኣለና። ኣብ ጽሑፍ ከኣ - ብዘወሃኸ - 'ቕኒት' ወሳኒ'ዩ።

ጥዑይ ስራሕ፡ ማለት፡ ወጽኢታውን ደረጃኡ ዝሓለወን ስራሕ፡ ብቐጻልን ብቐለሉን ተረኺቡ ኣይኮነን። እቲ ምንዋሕን ምሕጻርን ብመንጸር ምፍራይ ብሉጽ ዕዮ ደኣ'ምበር ብዝበዝሐን ዋሕድን ቃላት ወይ ገጻት ኣይልካዕን። ኣብ ሓንቲ ሀሪም (ምጽሓፍ ጀሚርካ ከየቛረጽካ)፡ ክሳዕ ክንደይ ትርጉም ዘለዎ ስራሕ ክትሰርሕ ትኽእል? ናይ ፊልም ጽሑፍ ክትጽሕፍ ንድፊ ኣዳሊኻ ኑቲ ዛንታ ኣብ ወሽጢ ሰሙን ክትውድኦ ትኽእልዶ? ኣብ ኣእምሮ ዝሃሰኻዮ ዛንታ ኣብ ወረቐት ብቐሊሉ ይፈስስዶ? ከም'ቲ ትሓልሞ፡ ትደልዮ፡ ትብህግ ክሰው ፍስስ ይብልዶ? ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ብዙሕ ስራሕ ክትውድእ ትኽእል ኢኻ፡ ግን እንታይ ዓይነት ስራሕ? ዝበል ሕቶ ምምላስ ወሳኒ እዩ። ንሓደ ብሉጽ ዕዮ ስነጽሑፍ "ኣብ ወሽጢ ሰሙን ተርጉመ ወዲኣየ፣ ወርሒ ወሲዱለይ፣ ዜማ ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ገይረ፡ ወዚዘ" ክበሃል ሰሚዕና ንፈልጥ ኢና። ዓቕሚ ይሃብ ዘብል'ዩ፡ ኑዩም ከምኡ ዝኽእሉ ኸኣ የማስሉ። እዩም ብሉጽ ስራሕ ዝሰርሑ ግን፡ ምስ ግዜን ምስ 'ሙድን' እናተቓለሱ ነዊሕ ከም ዝሰርሑ እዩም ዝበልጹ። ዝኣዩም እውን የማስሉ።

ንዊሕ እዋን ኣብ ኣእምሮኻ ዝሓሰብካሉ ዛዕባ ኣብ ወረቐት ክተሰፍሮ ኣመና ከቢድ'ዩ። "ወለዋርያት" (ሙድ) እንተ ሓጊዙ ግዜ ክሓጽረልካ ይኽእል'ዩ። ምንዋሕን ምሕጻርን ጽሑፍ ክልዓል እንክሎ፡ ብዙሕ እትምስጠሪ ተማሪይ ካልኣይ ደረጃ እንከለኹ መምህርና ዝነበሮ ኣበሃህላ እዝክር፣ ደሓር ከኣ ብዙሕ ክትጥቀሰ ኣንበብዩ። ፓስካል ዝበሃል ህቡብ ሰብ፡ ናብ ዓርኩ ነዊሕ ደብዳበ ጸሓፊ'ሞ ኣብ መወዳእታ፡ "'ይቕሬታ ዝሸበርካ ዓርከይ፡ ግዜ ስለ ዘይኣኸሉ እዩ ነዊሕ ደብዳቤ ጽሒፈልካ'ለ ዛዚመዋ" ዝበል ኣገዳሲ ምህሮ። እዚ ምትንታን ኣየድልየናን። ምጽሓፍ ብበዚሒ ገጻት ዘይኮነ ብናይ ኩነት-ኣእምሮ ቅኒት'ዩ ዝውሰን ብሓጺሩ። ደብዳበ ክንጽሕፍ ሰሙናት ልዕለኡን ዝወሰደልና ሰባት ኣለና። ሕንጥጥ-ሕንጥጥ ኣብልና ኣብ ደቓይቕ እንዛዝሞ ከኣ ኣይንስእንን። እዛ ሓጻር ናይ ሞባይል "መሰጅ" ክንሰድድ፡ ጽሒፍና እንደምንስ ውሑዳት ኣይኮንናን። ኣብ ሕጽሪ ዘሎ ጣዕሚ ወይ ብድሆ ዘርኢ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ሓጺር በሪኽ ዝበሃል ነገር ስለ ዘሎ፡ ኣሕጺርካ ክዕበርኾ ስለ ዘሎ።

ናብቲ ናይ ጸሓፍቲ 'ቅኒት' ክንምለስ፡ ቅኒት ክብል ከሎኹ ተቓጺኻ እንክለኻ ወይ ቅኒት ከየብተኻክ ክሳዕ ክንደይ ዝኸይድ ንውሓት ግዜ ብወኒ ክትጽሕፍ ትኽእል ማለት'ዩ? ደራሲ ድራማ ኾን፡ ሰት-ኮም፡ ጉጥሚ ኾን ጸሓፊ ዛንታ ፊልም... እታ 'ቅኒት ከየሰሓትካ ወይ ከየፍረስካ' ክትጽሕፈለ እትኽእል ንውሓት ግዜ ግደን ክትልክዓን ከተለልያን ኣሎካ። ገለ ኣሎ ምሉእ ለይቲ ክጽሕፍ ሓዲሩ ኣብ ወጋሕታ እታ ዝሓሰበ ነዋሕ ተኸታታሊት ፊልም ሓጻር ዛንታ ወይ ግጥሚ ኹይና እትወጽእ። ከም'ዚ ደቂ ሹቕ ሱዳናውያን ክምስሉ፡ "ኣልዱንያ ፈረንደስ ተዝራዕ ፊል የጥላዕ ዓደስ" (ብምስሉ፡ "ዝመጻ ግርምቢጥ ማይ ንዓቕብ" እዩ)፤ ቃል ንቓሉ ኸኣ፡ "ዓለም ግልብጥቲ፡ ፋል ዝዘራእካ ዓደስ ይብቑል"። እንቋዕ ጥራይ በቑለ ዝበሉ ተጣበቕቲ ምስሌ ኣለው። ዘረኛካ ዘይምብቋል ስለ ዘሎ።

'ቕኒት' ኣብ ናይ ምጽሓፍ ንጥፈት ጥራይ ኣይኮነን ዘሎ ወይ ዝሀሉ። ኣብ ቅስቃስ፡ ኣብ ምሕሳብ፡ ሓብሬታ ኣብ ምክልሳል እውን ኣሎ። "ወኒ" ኣብ ዝቐስቀሱ እዋን ክትጽሕፍ ክትልሀ ክትገጥም... እንተኸካ ዚየዳ ተድምቕ። ሞያዊ ጸሓፊ እንተ ኼንካ መዓልታዊ ወይ ሰሙናዊ ወዘተ. ግድን'ዩ ወንኻ ክትቕስቅሶ ዘለካ። ስለዚ፡ ወንኻ መኣሰዩ ዝገንፍል ኣለሊኻ ኣብኡ ብምትኳር ኣድማዒ ስራሕ ክትሰርሕ ትኽእል ይብሉ ዝወዓሉ። ዝበለጹ ናይ ዓለምን ሃገርናን ጸሓፍቲ እዮም ብበዝሒ ዝጽሓፉ ዘይኮኑስ እዮም ኣብለጽም ዝጽሓፉ እዮም። ነሪ ዝበሃል ስነ-ጥበባዊ ስራሕ ድማ እቲ ግዜ ሂብካ ኣብ ነዊሕ እተፍርዮ ምኽንያት ዛዕቢ ስነ-ጥበብ ይገልጹ።

ኣቋራጭን ዛወኸበ ንምሳርሕ ዕቤት ዕዮ ስነ-ጥበብ የቕልዕዩ ዝበሉ ብዙሓት እዮም። ቴክኖሎጂ ሕርሻ ንኣብነት፡ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ዝፈሪ ዝበረ - ንብል ስርናይ - ኣብ ወርሒ ከም ዝፈሪ ክዝብር ይኽእል'ዩ። ኣብዘን ሰለስተ ወርሕን ሓንቲ ወርሕን ዝፈሪ ስርናይ ግን ኣብ ማእርሕ ዝበትኮ ወይ ዝፍጥሮ መድረኽ የለን። ማለት፡ ምስ ዘራእካዮ ብቐጥታ እሙት ኩይኑ በሎ'ኸ ኣይብልን'ዩ። እቲ ዘድልዮ ማይን ማዕድንን እናመጸየ፡ ተዘሪኡ፡ በቒሉ፡ ተጸሃይዩ ወይ ጸረጸሃይዩ ተኣሪሙ፡ ሸዊቱ... እዩ ኣብ ሓጺር ግዜ ናይ መወዳእታ መልክዑ ዝሕዝ፡ ናይ ዝኸውን ዛንታ ጽሑፍ'ውን ከምኡ'ዩ። እዚ ማእርሕ'ዚ ምስ ዘይሕሎ ድማ'ዩ ኣብቲ ፍርያት ክርዳድ ዝበዝሕ።


ጽኑዕ ስራሕ ንክትሰርሕ፡ ናይ ገዛእ-ርእስኻ 'ቅኒት' ከተለሊ ኣገዳሲ'ዩ። ጸሓፊ ስለ ዝኾንካ ጥራይ 24 ሰዓት ኣብ መዓልቲ ሸውዓተ መዓልቲ ኣብ ሰሙን (24፡7 ዝበልዎ) ክትጽሕፍ ኣይትኽእልን ኢኻ - ዝኾንካ ኸንኳ። ኣብ ሰሙን መጽሓፍ ምሉእ ተርጉምካ ትውድእ እንተ ኴንካ ዕድለኛ ኢኻ፣ ኣንበ. ግን ዕድለኛ ኣይኮንካን። ግዜ ሂብካ ብልጸት ኣቕዲምካ ዝሰርሖ'ዩ ዝዳሉ። ከምዚ ክበሃል እንከሎ፡ ዘይክኣል ነገር የለን ዝበል ኣብሂላ ኣይዘንግዕን። ግን ዝኸውን ሰብ 24 ሰዓት ንመዓልቲ (ዝኾነ እንተ ኾይኑ) እናጸሓፈ ንኸንደይ መዓልታት ክቕጽል ይኽእል? ስለዚ፡ ናይ ተቢተብ ከይከውን፡ ዝኸውን ጸሓፊ፡ ገጣሚ፡ ደራሲ ፊልም፡ ድራማ... እታ ዘድምዓ ግዜ ከለልያን ብኡኣ ክምራሕን ይግደድ። 'ሙድ' ኣብዩካ እንከሎ ምስ ብርዕን ወረቐትን ምቅላስ ክሳራ ብርዕን ወረቐትን ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ስለዚ፡ ግደፎ፡ 'ቕኒት' ሓንጊዱ ስለዘሎ፡ ተጸበዮ። ካብ ገዛእ-ነብስና ክንገብሮ ዘይንኽእል ነገር ክንጸበ ኣይንኽእልን ኢና። ካልኦት ጸሓፍቲ ስለ ዝበሎዎ ንሕና ክንገብሮ ንኽእል ኢና ማለት'ውን ኣይኮነን። ንሶም 'ወለዋርያቶም' ንሕና 'ወለዋርያትና' ኣለና። ስለዚ፡ ወወለዋርያትና ኣፍሪህና ግዜ ክፍልፍል ከም ዝጥዕም ከለሊ ንግደድ ኢና። ከም'ቲ ስዮምት ዝበልዎ'ዩ "ንፈረሰሲ ናብቲ ማይ ዘሎዎ ክትወስዶ ደኣ'ምበር ብሓይሊ ከተስትዮ ኣይትኽእልን ኢኻ፣" ሓሳባት ከኣ ከም'ኡ'ዩም፡ ከጉተ-ኣእምሮና ንቕሒ ኣብ ዝህልወሉ ጥራይ ክንጽሕፍ ኣሎና። እንተ ኣብዩናኸ? ኑዩም ንኸይንጽሕፍ ዕንቅፋት ዝኾኑና ነገራት ኣለዉና ከመገዶም ወይ ፍታሕ ክምጽኣሎም ጥራይ'ዩ ዘሎና'ምበር ምስ ምጽሓፍ ክንቃለስን ክንትሓላለኾን ኣየድልየን። ክንወድቕ ምኽንያትና ርዱእ ስለ ዘኸኑ፡ ንኣብነት፡ ኣብ ፍጹም ሻቕሎት እንከለኻ ብዝዕባ ፍጹም ሮማንት ክትጽሕፍ ትኽእልዶ? ብርግጽ ይከኣል ይኸውን'ዩ፡ ንፈትኖ። ግን ዚየዳ ብዛዕባ ሻቕሎት ክትጽሕፍ ይቐልል ይኸውን - ጽሑፍ ስምዒት ውሽጢ ስለ ዝኸኑ።

ብዛዕባ ጽሑፍን ጸሓፍትን ብዙሕ ነገር ይብሃል'ዩ፡ ከምዚ ክብ ኢልና ክንርእዮ ዝጀናሕና፡ 'ከምዚ እንተ ጌርካ ጸቡቕ ትጽሕፍ፣ ከምቲ እንተ ጌርካ ግን ቅኒት ይፈርስ፡ 'ከምዚ እንተ ጌርካ ከምቲ ይኸውን፣ ከምቲ እንተ ጌርካ ከምዚ ይኸውን' ዝበል ርእይቶ ይወሃብ'ዩ። ግደ ሓቂ ጉጣጥሲ መደቀሲቱ ባዕሉ ይፈልጥ፡ ከም ዝበሃል፡ መኣስ ክትጽሕፍ፡ ክትደርፍ፡ ክትሰእል፡ ክትለሀ ምስ ምሉእ ወንኻ ኣለኻ ብዚይነኻ ዝፈልጥ የለን። ስለዚ፡ ኣብቲ ወንኻ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝሀልወሉ እዋን ብሉጽ ወጽኢት ከተምጽእ ከም እትኽእል ርዱእ'ዩ። ወንኻ ብቐጻሊ ከም ዝቕስቀስ ምግባር ድማ ሓላፍነትካ'ዩ። ምጽሓፍ መዓልታዊ ስራሕካ እንተ ኹይኑ (ምሕታም ንኮይኒ ጉዳይና) ኣብዘን 24 ሰዓታት ናይ መዓልቲ ብኣድማዕነት ከተፍርየለን እትኽእል ምውሳንን ምልላይን የድልየካ። ኣእምሮና ንኽጽሕፍ ወትሩ ድሉው ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ብዝተፈላለዩ ጉዳያት ክጸሎን ኣብ ጸዕቂ ስራሕ ክህሉን ስለ ዝኽእል። ካልእ ዝበቅዖ ኣጕልጸ ክሳዕ እንረኽበሉ፡ ብዛዕባ'ቲ ህቡብ "ናይ ጸሓፍቲ ሐቕታ" (writers' block) ኣብ ዝመጽእ ሕታም ገለ ክንብል ኢና።

መወከሲ ጽሑፍ፤ WRITER'S COURSE

## ደሃይ ሕትመት

ቀዳም 20 ሚያዝያ 2024፡ ብስነ-ጥበበኛ ወይኒ ተወልደ ዝተጻሕፈ "ኣደራዕ ሱሓሎ" ዝርእስቱ፡ ኣርባዕተ ዛንታታት ዝሓዘ መጽሓፍ ኣብ ኣዳራሽ ሲኒማ ሮማ ተመሪቑ። ኣብቲ ማሕበረሰብ ስነ-ጥበቡ፡ ቤተ-ሰብ ደራሲት፡ ዕዱማት




ኣጋይሽ ዝተረኽብሉ ስነ-ስርዓት ምልላዩ፡ ጉዳይም ስነ-ጥበበኛታት ሃገርና ብዛዕባ'ቲ ድርሰትን ምስ ደራሲት ዘለዎም ናይ ስራሕ ተመኩሮን ኣካፊሎም።

"ኣደራዕ ሱሓሎ"ን እተን ካልኦት ሰለስተ ዛንታታትን፡ ደራሲት ንነዊሕ እዋን መጽናዕቲ ከተካይደለን ዝጸንሐት ኣብ ናይ ገድልን ድሕሪ ናጽነትን ፍጻመታት ዘተኮራ ምዃነን ኣብቲ ኣጋጣሚ ተገሊጹ። ወይኒ ተወልደ ኣብ መፋርቕ 1978፡ ኣብ እዋን ምዝላቕ፡ ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፋ። ኣብ ክፍሊ ሰንቂ ኦፐሬተር ሬድዮ ርክብ ኰይና እናተጋደለት ኣብ ጉጅለ ባህሊ ናይቲ ኣሃዱ ክትነጥፍ ጀሚራ። ኣይጸንሐትን፡ ብ1981 ኣብ ማእከላይ ጨንፈር ባህሊ ውድብ ተመዲባ ከም ውልዶን ትስፍውትን ስነ-ጥበበኛ ተቐልቀለት። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ሜዳን ድሕሪ ናጽነትን ኣብ ብርክት ዝበለ ዕዮታት ፊልምን ናይ መድረኽ ድራማን ሃገርና ተዋሲኣ፡ ኣሊያን ደሪሳ። ብፍላይ እተን "እቲ ኻልእ ኩናት" ከምኡ'ውን "ምስ ተበርሂ እምርያ" ዝብላ ድርሰታት ልዑል ብቕዓታ ዘንጸባረቓለን ዕዮታት ምዃነን ኣብቲ ናይ ምልላይ መደብ ተገሊጹ።

ኣብ መጽሓፍ "ኣደራዕ ሱሓሎ" ሰፊረን ዘለዋ ዛንታታት፡ ማለት፡ "ሕርይቲ"፡ "ዓንዲ ማእከል"፡ "ጽባሕ'ታ ለይቲ" ዝርእስተን ንተመኩሮ እዋን ቃልሲ ዝገልጻ ክኾና እንከለዋ፡ እታ "ኣደራዕ ሱሓሎ" ድማ ብዛዕባ'ቲ "ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ዝተኸስተ ዓቕሚ ሰብ ኤርትራ ንምዝንቃፍ ዝተጠጀአ ውዲት" ከም ዝውክላ ደራሲት ኣብ ዘሰምዐቶ ቓል ገሊጻ።

ኣብ ብርክት ዝበለ ድራማታትን ፊልምታትን ዝተዋሰአት ስነ-ጥበበኛ ወይኒ ተወልደ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ተመኩሮኣ ብምዕባይ ከም ደራሲት፡ ተዋሳኢት፡ ዳይረክተር፡ ተሓጋጋዚት ዳይረክተርን ኣካያዲት ስራሕን ኰይና ኣብ ብርክት ዝበለ ድራማታትን ፊልምታትን ከም ዝተሳተፈት ኣብቲ ናይ ምልላይ መደብ ተገሊጹ። "ኣደራዕ ሱሓሎ" ናይ መጀመርታ መጽሓፍ ደራሲት እያ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ስነ-ጥበብ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨፍራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ለስ ስፖርት |
| 15:30 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜናትግርኛ |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ዶክተሪት ኣብ ስትድዮ |
| 18:30 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቀልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ሄሪር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ንነብስኻ ካብ ከተማ መሸታ

ስምኦን ወልደሚካኤል

ነብሰይ ኣደዳ ማዕበስቲ ከም ዝኾነት ካብ ዝፍለጠኒ ቀሊል ኣይገበርኩን። ካብ ኣስመራ መዝሒቐ (መሺ.ተ) ናብ በረኻን ዓድን ከዛውራ እሓስብ'ሞ ተግባር ይኣብየኒ። ከተማ ምስ ብዙሕ ቀጨውጨዉ ስሕበት ኣለዎ። ዋላ ዓቕልኻ እናጸበበካ ኣብኡ እናተቓጸጽካ ምንባር ኣይጽለኣካን። ከተማ ናይ ብዙሕ ነገር ማእከል'ዩ፣ ማእከል ኩሉ ነገር ግን ኣይኮነን። ከተማ ማእከል ባህሊ፡ ሓበሬታ፡ ትምህርቲ፡ ቍጠባ፡ ንግዲ፡ ፖለቲካ፡ ወዘተ እዩ እናተባህለ ዝግለጽ። ሕሉፍ ሓሊፎም፡ 'ከተማ ማእከል ጽባቐ'ዩ፡' ዝበሉ'ውን ኣለዉ። ብርግጽ ብዙሓት ነገራት ብብዝሒ ኣብ ከተማ ይርከቡ እዮም። ደቂ ሰባት ክንበሃል መቸም ነዚ ብዝሒ ኣኽል-ታርፍ ዝበሃል ኣምር ጥልቕ ኢልና ክንምርምሮ ፍጥረትና ኣየፍቅደልናን እዩ። ኣብኡ እንከሎ ብድብድቡ ንፈትዎ። ፍልጠት ወይ ንቕሓት ዘይብሉ ፍትወት ከኣ ጥቕሙ ድሩት ስለ ዝኾነ ጥቕምና ይህሰ።

መበል 47 ዓመት ምሕራር ከተማ ናቕፋ (23 መጋቢት) መመኽነይታ ገይረ ምስ ገለ መሳርሕተይ ብድሮ ካብ ኣስመራ ኣንጊህና ወጺእና። ብዓል ርሑቕ መገሻ እንተገስገስ'ዩ ዝሕሾ ኢልና ኣስመራ ብድቁሳ ኢና ወጺእና። ብደወል ኣብያተ ጸሎት ዝነቕሑ'ሞ ተንሲኦም ምስ ፈጣሪ ክራኸቡ ነጸላ ኣጻዕድዮም በብውልቀም ናብ ቤተ-ክርስትያን ዝኸዱ ውሑዳት እንተ ዘይኮይኑ፡ ጉደናታት ኣስመራ ናጻ ነበሩ። ኣስመራ ምስ ነበርታ ኣብ ዓሚቝ ድቃስ ተዋሒጣ ኣስቂጣ ነበረት። እቲ ህድኣት ፍጹምነት ነበሮ። ኣስመራ ደቂሳ እንከላ ዝረኣያ ሰብ፡ ተውዛሕዛሕ ኮነ ድምጽን ምንቅስቓስን ምብዛሕ ረበሻ ምኳኑ ንእለቱ ይሰወጦ። መኪናና፡ ጽርግያታት ኣስመራ ብዘይ ተቓጻጺ ንበይና ዓንደረትሉ። እቲ ኣካይዳ ከምዚ ኣስመራ ደቂሳ እንከላ ኣዘንጊዕናያ ንወጽእ ዘለና ይመስል ነበረ። ማይተመናይ ወዲእና ጽርግያ ኣስመራ ከረን ሒዝና ተሃንፈፍና። ኩልና ካብ ኣስመራ ንምውጻእ ተሃዊኽና ግዲ ነይርና፡ ንኺድ ዝብል እምበር ቀስ ንኽብል ንመራሒ መኪና ዘዘኻኽር ሰብ ኣይነበረን።

ብስራሕ ምኽንያት ናቕፋ ብዙሕ እዋን ተመላሊሰያ ክንሰን፡ ክሳብ ሕጂ ኣይጸገበክዋን። ናቕፋ ብኹለንትናኣ ትፍተወኒ። ኣዒንተይ ክርእይኦ ክሳብ ዝኽእላ የፈልለን። ካብ እምባ ናብ ስንጭሮ፡ ካብ እንስሳ ናብ ገረብ፡ ካብ ሰብ ናብ ተፈጥሮ ይናጠራ፣ ርእየን ኣይጸግባ፡ ኣይደኽማ። እቲ ትርኢት ንኣእምሮ ስለ ዘበራብሮ ብዙሕ ስእለ-ኣእምሮ ይካወን። ኣዒንትኻ ዘቐበላኻ ትራኢትን ኣእምሮኻ ዘቐርበልካ ኣሳእልን እና'በራረኻ ብምርኣይ ከይሰልከኻ ናቕፋ ትኣቱ። ልቢ ትግራይ ውርድ ምስ በልካ፡ ጀነራል ተሾመ እርገቱ፡ ኣዛዚ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ፡ ብሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዝተጻወዶ ድብያ ዝተቐትለሉ ቦታ ምስ ረኣኻ፡ እቲ ዝነበረ ዕግርግር ይረኣየካ። ከረን ሓሊፍካ ዑና ምስ በጻሕካ ኸኣ ከም ሕነ ናይዚ ጀነራል ሰለማዊ ህዝቢ ምስ ንብረቱን ጥሪቱን ክነድድ፡ ክሕረድን ብተመልከተለይ ብጥይት ክወድቕን እንከሎ ይረኣየካ።

ገንፈሎም ምስ በጻሕካ እታ 'ሳሕል ኢለን ተበጊሰን ንኽሓልፋ፡ ቀበጽኣ ሎምስ'ባ የለን ተሰፋ' እትብል ሰውራዊት ደርፌ ናይ ንግስቲ ኒጎ ትዝክረካ። ደርግ ነቲ ኣብ ናቕፋ ተኸቢቡ ናይ ርድኡኒ ኣውያት ዝፍኑ ዝነበረ ሰራዊቱ ንምድሓን ዝተመርጸ ሰራዊት ኣኻኺቡ ኣብ ታሕሳስ 1976 ኣብ ገንፈሎም ምስ ኣውረዶ፡ ተቐጥቂጡ ንድሕሪት ተመሊሱ'ዩ። እቲ ኣብ ናቕፋ ዝነበረ መግዛእታዊ ሰራዊት ከኣ ውሑዳት ብራርያ ገዲፍካ ብምሉኡ ተደምሰሰ። ቀጺልካ ኮረሻ ትመስል ኣብ መንጎ ክልተ ጎቦ ጥልቕ ዝበለት ታሪኻዊ ክሳድ መስሓሊት ትርከብ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ መጋቢት 1988 ንናደው ደምሲሱ ኣፍዓበት ሓራ ንምውጻእ ምስ ወጠነ፡ ክሳድ መስሓሊት ናይ መወዳእታ መሕነቒት ናደው ክትከውን'ዩ ስኢልዎ። ከምኡ ድማ ገበረ። ክፍለ-ሰራዊት 52 ዝሰርሖ ሓወልቲ ንዝኽርን ምስክርን ታሪኽ ኣብታ ክሳድ ደው ኢሉ ኣሎ። ግዝግዛን ቀልሃመትን ሓሊፍካ ኣፍዓበት ኢኻ ትኣቱ። ከተማ ኣፍዓበት ኣብቲ ብጻዕዳ ሑጻ ዝተነጸፈ ጎልጎል ኣርቂቕካ ዝኻሰስካያ ጣይታ እያ ትመስል። ክንቁርስ ምስ ወረድና ትንፋስ ክንመልስ ኣይደንጎናን። ምድሪ ሳሕል መሰልቸው ኣይኮነን እምበር፡ ሰተት ኣቢሉ ዝወስድ ጽርግያ የብሉን። እቲ ቦታ ጽንኩር'ዩ። እቲ ሰብ ከኣ ትኩርን ተሪርን። ጂኦግራፍያዊ ቅርጺ ኣብ ኣተሓሳስባን ባህርን ነበርቱ ዘትርፎ ጽልዋ ኣሎ።

ካብ መስመር ዓፍዓበት-ናቕፋ ንየማን ዘሎ ኩርባታት፡ እቶም ንሰራዊት ደርግ ዘማኽሩን ዝመርሑን ዝነበሩ ሶቭየታውያን ዝተማረኹሉ ሻባይ መንደር ብማዕዶ ይርአ። ካብ ኣፍዓበት ቀ'ሩብ ስጉም ኣቢልካ ግምግም ምስ በልካ፡ እታ ወዲ ትኹል "ናደው ዝተቐብረላ ዓባይ ሕሉም" እናበለ ዘደርፈላ ክሳድ ዓድሸሩም ትርከብ። ኣብቲ ዝባንን ስንጭሮን ብዙሓት ዝሓረራ ታንክታት ዛሕ ኢለን ኣለዋ። እቲ ካብ 17-19 መጋቢት 1988 ዝተኻየደ ደምሳሲ መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ነቲ ዝበለጸ ንብረትን ሰራዊትን ደርግ ዝበልዐ ባርዕ ዝተኣጉደሉ ቦታ'ዩ። እቲ በርቃዊ መጥቃዕቲ 'ሓመድ ድብ ናደው' ጥራይ ዘይኮነ ተሰፋ ናይቲ መግዛእታዊ ስርዓት'ውን ሓመድ ዘልሓሰ እዩ ነይሩ።



ኩብኩብ፡ ሓራስ ሓርማዝ፡ በያን፡ ሩባ ሕዳይ ወዲእካ እናተጠዋወኻ ዝሕኮር እምባ ኣፍልቡ ነፊሑ ይቕበለካ። እቲ ውሩይ እምባ ደንደን ካብ መዛንኡ ጸብለል ኢሉ ብርእሱ ሰማይ ከርክብ ዝሰብሰብ ዘሎ ይመስል። ብዙሕ እዋን፡ ጫፉ ከም ጻዕዳ ዕማመት ዝጎልብብ ግመ ምስ ተሸፈነ'ዩ። ተፈጥሮ፡ ንናቕፋ ክሕሉ ዘቐሙ ገዋድ ዋርድያ ይመስል። የማን ጸጋሙ ብዙሓት ኳዕናናት ጎቦታት'ኳ እንተሃለዉ ብጕልበት ደንደን ጃጅዮም ዘደነንሉ ይመስሉ። እቲ ዓቐብ እታ ምክሕቲ መኪና'ውን ከይላህልሀት ኣይትወጽኦን እያ። ንእምባ ደንደን ንጸልኢ ቀዲሞም ብምውጻእ ኣፍደገ ናቕፋ ክሳብ ምሉእ ዓወት ሽጊጦም ዝሓዙ ተጋደልቲ እንታይ ዝበለ ብርኪ ነይርዎም ኢልካ ተስተንክር።

ዓቐብ ውዲእካ ዝባን ውጽእ ምስ በልካ 'እንቋዕ ብድሓን መጻእኩም ናብ ቦታ ጽንዓት' ዝብል ዓቢ ታቤላ ይቕበለካ። መራሒ መኪና ከምዚ ጉይይ ውዒሉ ብዘይ ተቓጻጺ ናይ መወዳእታ መስመር ዝረገጸ ጎያዪ ሓኒኑ ሓሊፈ። ብዘይካ'ዚ ኣብቲ ዝባን ኣስማት ናይቲ ኣብ 180 ኪሜ ዝዝርጋሕ የማናይን ጸጋማይን ግንባር ናቕፋ ኣብ ዓቢ ሰሌዳ ተጻሒፉ ኣሎ። ኣብቲ ክሳብ ሕጂ ዘይፈረሰ ድፍዓት "ዕርዲ ሓርበኛታት ኤርትራዊ ቅርሲ" ዝብል ጽሑፍ ትኸለሉ መጽኣኒ። ነቲ ኣብቲ ድፍዓት'ቲ ዝተፈጸመ ታሪኽ ካብ ምጽሓፍን ምንጋርን ወጻኢ እንታይ ክግበር ይከኣል ኢለ'ውን ንነብሰይ ብሕቶ ቀንጠኽዋ። ኣብቲ ድሕሪ ምዝላቕ ከም ናይ መወዳእታ ናይ መከላከሊ መስመር ተገዲሞም ጸላኢ ዘይነጥሮ ደጎል ዝኾኑ ሰውራውያን መንእሰያት ይረኣዩኻ። ንትብዓቶም ብኸመይ ትዕቅኖን ትገልጾን? ንዝነበሮም ራእይን ተሰፋን'ከ? እምነቶም'ከ? "ምርኣይ ምእማን'ዩ" ንዝብል ኣበሃህላ ደርቢዮም ነቲ ውሽጦም ዝኣመኖ ክርእዩ ዝኸኣሉ እንታይ ኢልና ንስመዮም? ዓንዲ ሕቖ ናይዞም ንፈልጦም ቃላት ንትርጉም ናይ ተጋዳላይ ክጸውር ዓቕሚ ኣለዎ ድዩ?

ሕቶታት በብዝመጽዎ እናተዋህለሉ ዓቢ ናይ ሕቶ ውሕጅ ፈጢሮም። በቲ ውሕጅ ናይ ሕቶታት ከይውሰድ ዘናግፈኒ መልሲ ብዘይ ምርካበይ ግን ኣይፈራሕኩን። ሕቶ ግድን ክምለስ ዘለዎ ነገር ኣይኮነን። ከም ፍሩይ ማይ ዘርጠብጠብ እናበሉ ዘወቕዑኻ ሕቶታት ተረኪብቲ ኣይኮኑን። ፍሩያት ሕቶታት ካብ መልስታት ዘይርከብ መኣዛ ዝሓዙ ሃነጽቲ ነብሲ እዮም። ሕቶ ዝሰኣነት ነብሲ ቆምሳል እያ። በብዕለቱ ንዝረኸቡቶ መልሲ እናለቀመት ካብ ዓመት ናብ ዓመት ትሳገር ህይወት ተሃራፊት ኣይኮነትን። ህይወት ብሕቶ እያ ትጅርድን፣ ጀርዲን ብጀርዲኑ ዓንባቢትን ፈራይትን ጀርዲን። እዚ እምነት'ዚ መልሲ ስኢነ ኢለ ካብ ምጭናቕ ኣድሒንኒ። ምስ ሕቶይ ከይደ፡ ምስ ሕቶይ ከኣ ተመሊሰ - ኣሰይ ፈጢርለይ ዘሕስብ ሕቶ'ኳ ረኺበ።

ቀዳም ዕለት 23 መጋቢት፡ መበል 47 ዓመት ምሕራር ናቕፋ ኣብ ድፋዓት ፋርኤሎ ምስ ተቐማጦ ናቕፋ ተሓዊሰ ኣብዒለያ። ሚኒስተር ልኡል ገብረኣብ እትርከቦም ኣባላት ምኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን'ውን ካብ ኣስመራ ተጓዒዞም ተኻፊልቲ በረኸት ናይቲ ጽንብል ኮኑ። ኣብቲ ድፍዓት ኣቲና ተዘዋዊርና፡ ስኢልና፡ ተሳኢልና፡ ኣስተንኪርና። ኣብቲ ቦታ ብዝነበሩ ተጋደልቲ ንዝወሃብ መግለጺ'ውን ሰሚዕና። ኩሉ ግን ዝጠቅም ኣይነበረን። ተራኣ በጺሑ ኣማሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ክትዛረብ ኣፍ ከፈታ። ዝተኸፍተ ኣፉ ቃል ቅድሚ ምምላቑ ግን ኣዒንታ ንብዓት ዘረወ። ቅድሚ 47 ዓመት ኣብቲ ቦታ ታሪኽ ክስራሕ እንከሎ ዓይና ዝረኣዮ ብንብዓት ገሊጽዎ። ንዓና'ውን ቃላት ክፈጥርዎ ዘይከኣሉ ስእሊ ሕሉፍ ኣብቲ ብንብዓት ዝጠልቀየ ምዕጉርቲ ተጋዳሊት ጫሕ ኢሉ ተርእየና።

ሰብ ትማልን ሎምን ጥቓ ንጥቓ ኮፍ ክብሉ እንከለዉ፡ ብቐሊሉን ቀልጢፎምን እዮም ዝረዳድኡ። ኣብ ፈርኤሎ ህጻናት ተመሃሮ፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ከምኡ'ውን ገዳይም ተጋደልቲ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ብሓንሳብ ኮፍ ምስ በልና፡ ከም ደቂ ሓደ ክፍሊ ተመሃሮ መሰልና። ብናይ ሓባር ታሪኽ ዝተጠረዙ ተመሃሮ። ካብቲ ኣብ ወሰን እቲ ሩባ ዝተደኮነ ቦታ ጽንብል ዝፍኖ ዝነበረ ሙዚቃ ናብ ኩሉ እቲ ጎቦ ተባጽሐ። እታ ስንጭሮ ብበጻሕቲ፡ ሙዚቃ፡ መካይን፡ ግጥምታትን ለበዋን ኣዕለቕለቐት። ልቢ ኤርትራ ኮይና'ውን ተሰምዐትኒ። ነቲ ኣብኡ ዝነበረ ናብ ምልእቲ ኤርትራ እትጭንጉዕ ልቢ። እቲ ኣብኡ ዝነበረ ግሁር ስምዒት ንምልእቲ ኤርትራ'ውን ዘፍልሕ ሓይሊ ነበሮ። ዝኽሪ ፈውሲ'ዩ። ብዙሕ ሰብ ኣብኡ ክፍወስ ኣርፊደ።

መንእሰያት 70ታትን 80ታትን ናባኡ ክምለሱ'ሞ ከም ብሓድሽ ተሓዲሶም፡ ንኢሶም ክምለሱ ተመንየሎም። ሚኒስትሪታት፡ ምምሕዳራት፡ ማሕበራት ከኣ ነቲ ኣብ ትሕቲኦን ዘሎ መንእሰይ ጠርኒፈን ናብ ድፍዓት ናቕፋ ክበጽሓ መደብ እንተ ዘሰርዓ ጽቡቕ ነይሩ። መንእሰያትና ኣብ "እንታይ ኣሎ ሓድሽ" ጥራይ ከይተሓጽሩ፡ "ከመይ ነበረ፡ እንታይ ተሓልፈ" ኢሎም ክሓቱን ክስተንትኑን ኣብ ዓመት ሓንሳብ ካብቲ ንቡር መዓልታዊ ስራሕ መሺትና ነውጽኣዮም። ከምቲ ኣብ ሎሚ ኴንና ንሕሉፍን ንመጻእን ከነማዕዱ ቀልባዕባዕ ንብል፡ ኣብ መድረኽ ሕሉፍ ደው ኢልና ንሎሚን ጽባሕን ከነማዕዱ ታሪኽ ናብ ዝተሰርሓሎም ቦታታት ዘወር ንበል።

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ቋንቋን ባህልን - መሳልል ዝምድናን ምሕዝነትን




ኣብ ዓለምና ኣብ ዘርባ ወዓሎም ዝርከቡ ኣስታት 7 ሽሕ ቋንቋታት ከም ዘለዉ ይሕበር። ኣብ ጉዳይ ቋንቋታት እትግደስ መጽሔት ኣብ ዘሰፈረቶ ጽሑፍ ድማ፡ ቋንቋ ቻይና፡ ብዝበዝሒ ተዛረብቱ ኣብ ዓለም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዑ ይርከብ። ብመሰረት'ቲ ኣብ 2019 በዛ መጽሔት ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ቋንቋ ቻይና ኣስታት 1.311 ቢልዮን ህዝቢ ተዛረብቲ ስለ ዘለውዎ'ዩ ኣብ ቀዳማይ ተሰሪዑ ዘሎ። ደድሕሪ ቋንቋ ቻይና ድማ፡ ቋንቋ ስጳኛ ብ460 ሚልዮን ብዝሒ ተዛረብቲ ኣብ 2ይ ደረጃ ክስራዕ ከሎ፡ ቋንቋ እንግሊዝ ከኣ ብ379 ሚልዮን ብዝሒ ተዛረብቲ ኣብ 3ይ ደረጃ ተሰሪዑ ኣሎ። ብምቕጻል፡ 'ሂንዲ' (ወግዓዊ ቋንቋ ህንዲ) ብ341 ሚልዮን ህዝቢ፡ ኣብ 4ይ፣ ቋንቋ ዓረብ ብ319 ሚልዮን ህዝቢ፡ ኣብ 5ይ፣ 'በንጋሊ' (ወግዓዊ ቋንቋ ባንግላደሽ) ብ228 ሚልዮን ህዝቢ፡ 6ይቲ፣ ቋንቋ ፖርቱጋል ብ221 ሚልዮን ህዝቢ፡ 7ይ፣ ቋንቋ ሩስያ ብ154 ሚልዮን ህዝቢ፡ 8ይ፣ ቋንቋ ጃፓን ብ 128 ሚልዮን ህዝቢ፡ 9ይ፣ ኣብ ፓኪስታንን ህንድን ዝዝረብ ቋንቋ 'ላህንዳ' ብ119 ሚልዮን ህዝቢ፡ 19 ደረጃ ሒዙ ይርከብ።

ካብ ሽዱሽተ ወግዓውያን ቋንቋታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓደ ዝኾነ ቋንቋ ቻይና፡ ካብ 1946 ኣትሒዙ፡ "ኣህጉራዊ መዓልቲ ቋንቋ ቻይና" እናተባህለ ብዓለም ደረጃ እዩ ዝዝከር። ቋንቋ ቻይና ክሳብ 2010 ዓ.ም ብ12 ሕዳር እዩ ብኣህጉራዊ ደረጃ ዝዝከር ነይሩ። ካብ 2011 ኣትሒዙ ግን፡ ንዝኸሪ'ቲ ቅድሚ 5 ሽሕ ዓመታት ንፊደላት ቋንቋ ቻይና ከም ዝመሃዘ ዝነገረሉ ሰኸንዳሪ ሃጺይ ጻንጂየ (Cangjie) ተባሂሉ፡ ናብ 20 ሚያዝያ ተሰጋጊሩ። ከም ኣፈ-ታሪኽ፡ ቻይናውያን ኣብ ዓውደ ኣዋርሖም ኣብ ከባቢ 20 ሚያዝያ ዝጅምር ብ'ገዩ' (ዝናብ ብልቱግ) ዝፍለጥ ዓቢዩ በዓል ኣለዎም። ኣመጻጽኣ ናይ'ዚ በዓል ድማ፡ ካብ ጽውጽዋይ ቻይና ዝበገሰ ኮይኑ፡ ሃጺይ ጻንጂየ ኣብ'ዚ ዘለናዮ ቅነ (ከባቢ 20 ሚያዝያ)፡ ዓው ኢሉ ናብ ሰማይ ምስ ጨደረን ምስ በኸየን፡ "ብልቱግ" ከም ማይ ከም ዝዘነበ እዩ ዝዝንቶ። ካብኡ ተበጊሶም ድማ፡ ቻይናውያን ንዝኽሪ'ዚ ዓቢዩ ሃጺይ፡ ኣብ ዓውደ ኣዋርሖም፡ "ዝናብ ብልቱግ" ወይ በዓል 'ገዩ' እናበሉ 20 ሚያዝያ የብዕሉን ይዝክሩን። ስለዚ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ቋንቋ ቻይና፡ ካብ ወርሒ ሕዳር ናብ ወርሒ ሚያዝያ ተቐይሩ፡ ኣብ 20 ሚያዝያ ክበዓል ዝተመረጸሉ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ ንኽብሪ'ዚ ንፊደላት ቋንቋ ቻይና ዝመሃዘን ኣብ ከባቢ 20 ሚያዝያ ብልቱግ ከም ማይ ዘዘነበን ክቡር ሃጺይ ጻንጂየ ንምዝካር እዩ።

ኣብ መፋርቕ 2013 ኣብ ኤርትራ ቤት ትምህርቲ ቋንቋን ባህልን ቻይና ከፊቱ ዘምህር ዘሎ፡ ኮንፊሽየስ ኢንስቲትዩት፡ ካብ 2022 ኣትሒዙ ንኣህጉራዊ መዓልቲ ቋንቋ ቻይና መደባት ሰሪዑ ከብዕሎ ጀሚሩ ኣሎ። ሎሚ ዓመት ድማ፡ ዝሓለፈ ሰንበት፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ቋንቋን ባህልን ቻይና ውድድራት ብምስራዕ፡ ዘኪሩዎ ውዒሉ፡፡ እቲ ዝተኻየደ ውድድራት፡ ኣብ ሰለስተ መዳያት ዘተኮረ እዩ ነይሩ፡፡ እቲ ቀዳማይ፡ ውድድር ጽሕፈት ብፊደላት ቋንቋ ቻይና (calligraphy)፡ እቲ ካልኣይ፡ ውድድር ታይጂ - ቻይናዊ ኣካላዊ ምንቅስቓስ (taiji)፡ እቲ ሳልሳይ ድማ፡ ውድድር ምድጋም ግጥሚ ብቋንቋ ቻይና ነይሩ፡፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ውድድር፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዝወጹ ተመሃሮ ምስክር ወረቐት ተዓዲሎም፡፡

እቶም ኣብ ምድጋም ግጥሚ ቋንቋ ቻይና ዝተሳተፉ ተመሃሮ ተወዳደርቲ፡ ካብ'ቶም ቅድሚ 1500 ዓመታት ዝነበሩ ጥንታውያን ግጥምታት ቻይና እናመረጹ፡ ብቓሎም ቀሪጾም እዮም ተወዳዲሮም፡፡ ዝበዝሑ ተመሃሮ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ'ዚ ውድድር ተሳቲፎም'ኳ እንተነበሩ፡ ኣብ'ቲ ናይ መዛዘሚ ውድድር ቀሪቦም ዝተወዳደሩን ዝተዓወቱን ግና 10 ጥራይ እዮም ነይሮም፡፡ "ዕላማ ናይ'ዚ ውድድር ድማ፡ ተመሃሮና ብዘቐለለ መገዲ ምልክት ባህልን ቋንቋን ቻናይ ንኽርእዩ ተባሂሉ እዩ፡፡ ናይ ብሉጽ ድማ ዕውት ውድድር ኣንጸባሪቖም፡፡ ከምዚ እናበሉ እንተ ቀጺሎም ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሑ ስለ ዝኽእሉ፡ ወለዲ ንደቆም ናብ'ዚ ቤት ትምህርቲ ክልእኽዎም እዕድም" ክትብል ከኣ፡ ሓንቲ ካብ ቻይናውያን መማህራን ማዳም ሺብየን ትሕብር፡፡

ኣብ ውድድር ታይጂ ዝተሳተፉ ተመሃሮ ኣብ ክልተ ጉጅለታት ተመቒሎም'ዮም ውድድሮም ኣካይዶም፡፡ ኣብ ቀዳማይ ጉጅለ 7 ተወዳደርቲ ብናይ ውልቆም ክወዳደሩ ከለው፡ ኣብ ካልኣይ ጉጅለ ድማ፡ 34 ተወዳደርቲ ኣብ ሽዱሽተ ጉጅለታት ተመቒሎም ተወዳዲሮም፡፡ ብናይ ውልቅን ብጉጅለን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዝወጹ ድማ ዝተዳለወሎም ምስክር ወረቐት ተዓዲሎም፡፡ መንእሰይ የናታትን ኣንገሶም፡ መምህር ትምህርቲ ታይጂ ኮይኑ፡ ንብዕሉ ኣብ'ቲ ቤት ትምህርቲ'ዩ ተማሂሩ፡፡ ቡቲ ተመሃሮኡ ዘንጸባረቕዎ ውድድር ዕጉብ ምዃኑ'ውን ይገልጽ፡፡ ታይጂ ምሉእ ጥዕና ክህልወካን ሓንጎልካ ከዘንጽኣካን ዝኽእል ምንቅስቓስ ምዃኑ ብምግላጽ ከኣ፡ ወለዲ ንደቆም ኣብ'ዚ ውድድር ክሳተፉ ክተባብዕዎም ጸዊዑ፡፡

ኣብ ውድድር ጽሕፈት ብፊደላት ቋንቋ ቻይና፡ ዓሰርተ ብሉጻት ተወዳደርቲ'ዮም ኣብ መዛዘሚ ውድድር ቀሪቦም፡፡ ካብኦም ድማ እቶም ሰለስተ ዕዉታት ስምክር ወረቐት ተዓዲሎም፡፡ መንእሰይ ኢብቲሳም ማሕሙድ፡ መምህር ጽሕፈት ቋንቋ ቻይና እያ፡፡ ዛጊት ንክልተ ዓመት ምሂራ ኣላ፡ ንብዕላ'ውን ኣብ'ቲ ቤት ትምህርቲ እያ ተማሂራ፡፡ ቡቲ ተመሃሮኣ ዘርኣዩዎ ውድድር ናይ ብሉቒ ዕጉብቲ ምዃና ብምግላጽ ከኣ፡ ወለዲ ንደቆም ኣብ ጽሕፈት ቋንቋ ቻይና ክሳተፉ ከተባብዕዎም መኺራ፡፡

ኣብ'ቲ ናይ መዛዘሚ ውድድር፡ ወኪል ኣምባሳደር ቻይና ኣብ ኤርትራ ሚስተር ዳይ ማኦን መሳርሕቱን፡ ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ቻይናውያን፡ ከምኡ ድማ ብርክት ዝበሉ ወለዲ ምስ ደቆምን ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ቋንቋን ባህልን ቻይና ተሳቲፎም ነይሮም፡፡ ወኪል ኣምባሳደር ቻይና ኣብ ኤርትራ ሚስተር ዳይ ማኦ፡ ኣብ'ቲ ናይ መዛዘሚ ውድድር ኣብ ዘስመዖ ቃል ድማ፡ ኮንፊሽየስ ኢንስቲትዩት ኣብ መንጎ ተመሃሮኡ ውድድራት ብምስራዑ፡ ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ቻይናውያንን ኤርትራውያንን ንኣህጉራርዊ መዓልቲ ቋንቋ ቻይና ሓቢሮም ከብዕልዎ ምግባሩ ሓጎሱ ገሊጹ፡፡

ንሱ ኣስዒቡ፡ ቋንቋ ቻይና ናይ ኣስታት 6 ሽሕ ዓመታት ዕድመ ዘለዎ፡ ኣብ ዓለም ድማ እቲ ዝጠንተወ ናይ ጽሑፍ ቋንቋ ምዃኑ ሓቢሩ፡፡ እቲ ቀዳማይ ተወቒሩ ዝተረኽበ ፊደላት ቋንቋ ቻይና ኣብ ሕቘ ጉበይ ኣብ እዋን ንግስነት ሻን (1766-1123 ቅ.ል.ክ) ምዃኑ ብምምልካት ከኣ፡ እዚ ድማ ንጥቡቡን ምዕቡለን ጥንታውያን ቻይናውያን ዝገልጽ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ኩሎም ሕብረተሰባት ዓለምና ሓባራዊ ሃብቲ ከም ዝኾነ ኣብሪሁ፡፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ቻይና ካብ ማእከል መስሕብ ኣህጉራዊ ባህላዊ መራኸቢ ምዃን ሓሊፉ፡ ምስ'ቲ ኣብ ኩሉ መዳይ እተርእዮ ዘላ ምዕባለ፡ ገስጋስን ኣህጉራዊ ጽልዋን፡ ንቋንቋ ቻይና ዝያዳ ተፈታውን ተሰዓብን ክገብሮ ክኢሉ ከምዘሎ ብምሕባር ከኣ፡ ኤርትራውያን'ውን፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተፈተውዎ ይመጽኡ ምህላዎም፡ ሕቡን ምዃኑ ገሊጹ፡፡ ብመገዲ ቋንቋታት ዝግበር ምብህሃል፡ እቲ ዝበለጸ ማሰርሕ ምስግጋር ሓሳባት፡ ሓበሬታን መልእኽትን ብምዃኑ፡ ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ቻይናን ብመገዲ ባህልን ቋንቋን ዝያዳ ንምርኽኻብን ምሕዝነት ንምትራርን ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ መሊሱ ክሕይል ተላቢዩ፡፡

ኣብ መንጎ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ቋንቋን ባህልን ቻይና ዝተካየደ ውድድር፡ ከሉ ግዜ መሳጥን ኣብ ተመሃሮ ቅዱስ ቅንኢ ዝሕድርን እዩ፡፡ ቀጻሪ ናይ'ቶም ኣብ ውድድር ዝሳተፉ ተመሃሮ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ፡ ብሉጻት ተመሃሮ እናፈረዩን ይመጽኡ ምህላዎም ከኣ፡ ምስክር እዩ፡፡ ተመሃሮ፡ ማዕረ ማዕረ'ቲ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም፡ ከም ትምህርቲ ቋንቋ፡ ስፖርት፡ መዚቃ፡ ስነጽሑፍ ወዘተ ዝኣመሰለ ክእለቶምን ተውህቦኦምን ዘፍትሽሉ ተወሰኽቲ ትምህርቲ ክመሃሩ፡ ኣብ ዕቤት ኣተሓሳስባኦም እወታዊ ጽልዋ እዩ ዘለዎ፡፡ ነዚ ተገንዚቦም ወለዲ፡ ኣብ ምትብባዕ ደቆም ደራኺ ተራ ክጻወቱ ይግባእ፡፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ ቋንቋን ባህልን መሳልል ምሕዝነትን ዝምድናን እዩ፡፡ ስለዚ፡ ኣብ መንጎ ህዝብታት ቻይናን ኤርትራን ዝምድናን ርክባትን ንምድልዳል ብመገዲ'ዚ 11 ዓመቱ ኣቑጺሩ ዘሎ ቤት ትምህርቲ ቋንቋን ባህልን ቻይና ኣብ ኤርትራ ዝግበር ዘሎ ንጥፈታት ዝያዳ ኣድማዒ ንክኸውን፡ ብዙሓትን ዝተመሓየሸን ክቕጽል፡ ለበዋ'ውን ኣየድልየን፡፡





# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ መወ/ ይግ/ሰማዒ ኣስመራ

ኣብ መንጎ ይ/በዛልቲ 1.ኣቶ ሕድሩ ወልደዝጊ ጉብረስላሴ+1 መ/ወሃብቲ 1.ወረ/ኖፍ/ት የዲት ሓይራ ፍራንቶዋ 2.ወረ/ኖፍ ኣደም ሓጎስ ናስር ዘሎ ናይ ይግባይ ሲቪላዊ ክርክር መሰረት ብምግባር፡ ወረስቲ .1.ወረ/ኖፍ/ት የዲት ሓይራ ፍራንቶዋ 2.ወረ/ኖፍ ኣደም ሓጎስ ናስር ኣድራሻኦም ስለዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖም ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪቦም ጉዳይኩም ኣብዘየለውሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ጽገሬዳ ኪዳነ ተስፋዝጊ፡ ስም ኣደይ ለተረፋኤል ዓንደግርግሽ ምግባል ተረፉ፡ ኣዜብ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል 6ይ መጋባእያ ኣስመራ

ወ/ሮ ንግስቲ ተወልደ ተስፋይ፡ ኣሞይ ሓጎሳ ተስፋይ ካሳ ስለዝዐረፈት፡ ነባይ ነፍ/ ተወልደ ተስፋይ ካሳ ተኪአ ኣነ ምስ 1 ሓወይን ክልተ ኣሞታተይን 1ሓወቦይን ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣሶካሉ ተስፋይ ገደሉ፡ ኣደይ ሀድኣት ወልደጻዮን ሕድሩ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ተኪኤ ብርሃ፡ በዓል ቤተይ ጉብረመድህን ጉብረማሰቀል ጉብረ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ጠዓመ ኣድሓኖም ተኽሉ፡ ወለድና ኣድሓኖም ተኽለ ሓጎስን ሂወት ወልደገርግሽ ወ/ጉብርኤልን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሰይፉ የሴፍ ጉብረ፡ ኣዴና ወ/ሮ እናኑ እምራ ደስታ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ቤትኤል ኣተውበርሃን ሓደገምበስ፡ ወለድና ኣተውበርሃን ሓደገምበስ ዘወልዱን ሃና ቦኽረጼን ክፍሉን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሉችያ ኣብርሃ ጸንዑእዝጊ፡ ሓውና ወልደኣብ ኣብርሃ ጸንዑእዝጊ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤ/ፍ ዞ/ማእከል ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ሓዳስ እምባዩ ናደው፡ በዓል ቤተይ ከሰተ የውሃንስ ተስፋሚካኤል ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ዓንደሚካኤል ጸጋይ፡ ኣደይ መብራት የሃንስ ሃብተገርግሽ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋይ መሓሪ ምስጉን፡ ኣደይ መኣዛ ተስፋሚካኤል ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 3 ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰዛና መሓመድኑር ዑመር፡ ኣቦይ መሓመድኑር ዑመር ሓጂ ሰዒድ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሸዋይነሽ ፍስሃጽ ስለሙን፡ በዓል ቤተይ ብርሃነ ጥላሁን በርሀ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ልዋም ሃብተየም ተኽለኣብ፡ በዓል ቤተይ ዑቕባጉብርኤል ተኽለሚካኤል ኪዳነ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዑቕባ ኪዳነ ብወኪላ ናዝሬት በርሀ ኣቢሉ፡ በዓል ቤተይ የማነ ኣብርሃም ተኽለ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

መሓሪ ጉብረሚካኤል ጉብረመድህን፡ ኣቦና ጉብረሚካኤል ጉብረመድህን ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና፡ በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ለምለም ኪዳነ ድማ ናይ መጻምዲ ማስላ ይተሓለወላ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/24 ኣብ ቤፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

እየሩሳሌም የሴፍ ኪዳነ ምግባል ተረፉ ፡ እየሩሳሌም ኪዳነ ተስፉንኪኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ዳዊት ቀሲታ ዑቕባዮውሃንስ፡ ሓብተይ ንጽህቲ ቀሲታ ዑቕባዮውሃንስ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ልኡላ ኣይንሸት በርሀ፡ ሓወይ የውሃንስ ኣይንሸት በርሀ ስለዝተሰወአ፡ ኣዴኡን 4 ኣሕዋቱን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣሰገደት ጉብረጻድቅ ተስፋይ ምግባል ተረፉ፡ ኣሰገደች ጉብረጻድቕ ተስፋዬ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ መንግስትኣብ ሰመረኣብ ተስፋጽዮንን ወ/ሮ ፍረወይኒ ገ/ማስቀል ገ/ስላሴን፡ ወድና ሳይሞን መንግስትኣብ ሰመረኣብ ስለዝተሰወአ፡ ንሕና ወለዱ ጥራይ ወረስቱ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ርግበ ተስፋማርያም፡ ኣቦና ተስፋማርያም ባሁ ተወልደ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ሂማን ተኽአ ድማ ናይ መጻምዲ ማስላ ይተሓለወላ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ቅዱሳን ክፍሉ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ፍስሃ ገርግስ ጉብረእግዚኣብሄር ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊ ደብሳይ ጉብረስላሴ ምግባል ተረፉ፡ ሞባጼን ደብሳይ ጉብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍስሃ ዑቕቡ ሰቋር ምግባል ተረፉ፡ ፍስሃ ዑቕበይ ልብሰቃል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰዩም ተስፋኣለም ሃይለ ምግባል ተረፉ፡ ፋኒኤል ተስፋኣለም ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳምራዊት ተወልደ ዓንደይ ምግባል ተረፉ፡ ደሴት ተወልደ ዓንደይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ደሃብ ሃብተስላሴን ብፍ/በዕዳ ወ/ሮ ስላስ ካሕሳይን ዝተፈጥረ ናይ ገዛ ክርክር፡ ብስም ነፍ/ኣበባ ኣርኣያ ብርሃ ዝተመዝገበ ኣብ ጊንዳዕ ዝርከብ ገዛ 105 ት/ሜተር ዝተደኮነ 3 ቀንዲ ክፍልታት ዝሓዘ ማበስ. ዋጋ 68,473.26 ናቕፋ (ሱሳን ሸሞንተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ሰብዓን ሰለስተን ናቕፋ 26%) ተገሚቱ ስለዘሎ፡ ክውዳደር ዝደሊ. ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ብስም ፈ/ፍርዲ cpo ብምቕራብ ወይ በካ ሕሳብ ሐዙ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ሐዙ ብምቕራብ ክውዳደር ይክእል፡፡ ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5+ ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ክበጽሖ ዝደሊ. መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ፡፡ ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ፡፡ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ቁ.65 መጺኹም ክትውከሱ ትኽእሉ፡፡

ዕለት ሓራጅ፦ 29/05/24
ቦታ ሓራጅ፦ ላ/ቤ/ፍርዲ ገበን ቁ.27
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀ


### ጨረታ

ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት፡ ኣብ ትካሉ ዝርከብ እንዳ ሻሂ ኮማርቶ ስለዝደለየ፡ ተወዳደርቲ ይዕድም፡፡

1.ተጫረትቲ ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ናይ ቤት ሻሂ ዘለዎም፡፡
2.ተጫረትቲ ዝርዝር ሓበሬታ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት 23 ይወስዱ፡፡
3.መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) ብ cpo የትሕዙ፡፡
4. ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ተኸታታሊ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ፡፡
5. ጨረታ ዝኽፈተሉ ድሕሪ ጨረታ ምዕጻው ኣብ ዘሎ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ማእከላይ ቤት ኩብ/መጓ/ሓረት (እንዳ ሰታዮ ነር) ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ተረኽቡሉ ይኽፈት፡፡
6. ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኩባንያ መጉዓዝያ ሓረት

### ምስጋና



ብሃንደበታዊ ማሰዋእቲ ተጋዳላይ የማነ ጎይትኦም ሰዒድ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ ዓዲ ሕርዋ ብምኻድ ዘቓበርኩምናን ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴለፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን፡፡

ሓው. ኣቶ መኮንን ጎይትኦም
ሓብቱ፡ መም. ዘውዲ ጎይትኦም
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት

ሞሊኖ ዲማርካቶ ሓ.ዝ.ብ.ማ ብዘዕባ ህልው ኩነታት ማሕበር ኣኼባ ሰብ ብርኪ ክካየድ ስለዝደለየ ኩሉኹም ወሃብቲ ብርኪ ብኣካል ወይ ብሕጋውያን ተወከልቲ ንዕለት 25/04/2024 ኣብ ማእከል ቤት ጽሕፈት ልክዕ ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ ክትርከቡ ነተሓሳስብ፡፡

ሞሊኖ ዲማርካቶ ሓ.ዝ.ብ.ማ

### ሓበሬታ



ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ
ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፤00 – 12፤00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፤00 – 6፤00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፤ E-mail; bidhonational@gmail.com
ስቕታ ጎዳኢ. ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ሶርያ - ኣብ ልዕሊ ወተሃደራዊ መዓስከር ኣመሪካ መጥቃዕቲ ሮኬት ተፈጺሙ

ዝሓለፈ ሰንበት ካብ ዒራቕ - ኣብ ጐረቤት ሃገር ሶርያ ናብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ኣመሪካ፡ ብውሑዱ ሓሙሽተ ሮኬታት ከም ዝተተኮሳ፡ ምንጪታት ጸጥታ ሓቢሮም።

እቲ ፍጻመ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ዒራቕ መሓመድ ሺያ ኣልሱዳኒ ኣብ ኣመሪካ ዑደት ፈጺሙ ድሕሪ ምምላሱ - ድሕሪ ሓደ መዓልቲ እዩ ተፈጺሙ።

ይኹን'ምበር፡ በቲ መጥቃዕቲ ኣብ ሱብ ዝወረደ ጉድኣት ከም ዘየለ ሓደ ስሙ ክግለጽ ዘይደለየ ኣመሪካዊ በዓል-ስልጣን ሓቢሩ።

ኣብ ዒራቕ ምስ ዝመደበሩ ዕጡቕ ጉጅለ 'ኪታይብ ሕዝቦላህ' ዝምድና ዘለዎ ጉጅለ - ብቴሌግራም ኣብ ዘዘርግሖ ጽሑፍ፡ ኣብ ዒራቕ ዝርከቡ ዕጡቓት ጉጅለታት፡ ኑቲ ብኣመሪካ ዝምራሕ ወተሃደራዊ ጥምረት ኣብ'ታ ሃገር ንምቅዋም፡ ድሕሪ ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ዕረፍቲ ዳግማይ መጥቃዕቲ ክጅምሩ ብምውሳኖም ከምእተኻየደ ገሊጹ።

ኣመሪካ፡ ኣብ'ቲ ብኡዱ ሃብታም ዝኾነ ምብራቓዊ ክፋል ሶርያ ወተሃደራዊ ወፍሪ ተካይድ ከምዝካ ዝጠቕሱ ጸብጻባት፡ ኣንጻር'ቲ ወፍሪ ዝካየድ ተቓውሞ ብፍላይ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ክብ ከምዝበለ የረድኡ።



## ፕረዚደንት ኢራን ናብ ፓኪስታን ኣምሪሑ



ፕረዚደንት ኢራን ኢብራሂም ራኢሲ፡ ናይ ሰለስተ መዓልታት ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም - ዝሓለፈ ሰኑይ ናብ ፓኪስታን ከምዝምረሐ ተገሊጹ።

ምብጻሕ ፕረዚደንት ራኢሲ፡ ክልተኣዊ ርክብ ኢራንን ፓኪስታንን ንምሕያል ዝዓለመ ምዃኑ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ራኢሲ ምስ በዓልቲ ቤቱ፡ ብላዕለዋይ ልኡኽ ኣባላት ካብነ ሚኒስተራትን ሓደ ጉጅለ ነጋዶን ተሰንዩ እዩ ናብ ርእሰ ከተማ ኢስላማባድ ኣትዩ ዘሎ።

ምብጻሕ እቲ ፕረዚደንት፡ ኢራንን እስራኤልን መጥቃዕቲ ሰብኣልቦ ነፈርትን ሚሳይላትን ድሕሪ ምልውዋጠን - ድሕሪ ሓደት መዓልታት እዩ ዝካየድ ዘሎ፣ በዚ ደማ ወጥሪ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ መሊሱ ክብእስ ከምዝኽእል ተንተንቲ ፖለቲካ ኣሚቶም።

ፕረዚደንት ራኢሲ ኣብ'ዚ ናይ ሰለስተ መዓልታት ናይ ስራሕ ምብጻሑ፣ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን፡ ፕረዚደንት ኣሲፍ ዓሊ ዛርዳሪ... (see print) ኣሶመንጀር ላዕለዋይ ባይቶን ኣፈኛ ሃገራዊ ባይቶን ፓኪስታን ክራኸብ መደብ ከምዘለዎ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ሓቢሩ።

ክልተኦም መራሕቲ፡ ኣብ ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት ከምኡ'ውን ሽርክነት ኣብ ምምዕባል ዝተኸረ ክልተኣዊ ምትሕብባር ክዘራረቡ ምዃኖም እቲ መግለጺ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ክልቲአን ሃገራት ሓያሎ ስምምዓት ክፈራረማ ምዃነን እውን ተገሊጹ።

ፕረዚደንት ራኢሲ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ለካቲት 2024 ዝተኻየደ ኣካታዒ ምርጫ ፓኪስታን - ናብ'ታ ሃገር ዝኣተወ ናይ ፈለማ መራሒ እዩ።

ኢራንን ፓኪስታንን ኣብ ደባተን ብቐጻሊ ብዘኸሰት ዘይምርግጋእ ጭቡጥ ኪጋጥመን ምጅንሑ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ንኣብነት - ሓድሕዳዊ ናይ ነፈርቲ ደብዳባት ኣካይደን ምንባረን ይዝከር።

## ሰሜን ኮርያ፡ ሓያሎ ባለስቲካዊ ሚሳይል ከምዝተኮሰት ተገሊጹ

ሰሜን ኮርያ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ሓያሎ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ናብ ምብራቓዊ ገምገም ባሕሪ ከምዝተኮሰት ሚኒስትሪ ምክልኻል ደቡብ ኮርያ ገሊጹ።

ደቡብ ኮርያ፡ ኑቲ ናይ ሓጺር ርሕቀት ምዃኑ ዝገለጸቶ ባለስቲካዊ ሚሳይላት፡ ሰሜን ኮርያ ካብ ጥቓ ርእሰ ከተማኣ ፒዮንግያንግ ከምዝተተኮሰቶ ሓቢራ።

ሰሜን ኮርያ ኑቲ ሚሳይላት ዝተኮሰት፡ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ መራሒ ደቡብ ኮርያ ከም ሚድንግጉሱ፡ ምስ ኣመሪካዊ ጀነራል ተራኺቡ ብዛዕባ ምምዕባል ሳተላይት ዳህሳስ ሰሜን ኮርያን እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ወተሃደራዊ ምትሕብባር ሩስያን ሰሜን ኮርያን ክዘራረብ ምዃኑ ኣብ ዝተገልጸሉ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ናይ ዳህሳስ ሳተላይት ብዓወት ዝወንጨፈት ሰሜን ኮርያ፡ ካልእ ናይ ስለያ ሳተላይት ንምልኣኽ እውን ትዳሎ ከምዝላ ግምታዊ ሓበሬታ ኣሎ።

ሰሜን ኮርያ፡ ኑቲ ምስ ምምዕባል ባለስቲካዊ ሚሳይላት ተተሓሓዙ - ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ክቐርቡላ ዝጸንሑ እገዳታት፡ እቲ ውሳኔ ልኡላዊ መሬታ ናይ ምክልኻል ማሰል ዝጥሕስ ምዃኑ ብምግላጽ - ብተደጋጋሚ ክትጽጽጎ ከምዝጸንሐት ይግለጽ።



## ሶማልያ - ብብርቱዕ ዝናብ ኣሸሓት ሰባት ከይጽለዉ ተሰጊኡ



ኣብ 22 ኣውራጃታት ሶማልያ ክዘንብ ትጽቢት ተገይርሉ ዘሎ 'ጉ' ዝተሰምየ ብርቱዕ ዝናብ፡ ንኣስታት 770 ሽሕ ሰባት ክጸልዎም ከምዝኽእል - ቤት-ጽሕፈት ምውህሃድ ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት ሃገራት ዝሓለፈ ሰንበት ኣጠንቂቑ።

እቲ ቤት-ጽሕፈት ወሲኹ፡ ዝናብ 'ጉ' ኣብ ሙብዛሕትኡ ዞባታት እታ ሃገር ጀሚሩ ከምዘሎ፡ ክሳብ ሕጂ ግን ተርእዮታት ዕልቕልቕ ከምዘየጋጠመ ኣረዲኡ።

"ሰራሕተኛታት ሰብኣዊ ረድኤት እታ ሃገር፡ ኪጋጥም ንዝኽእል ጽልዋ ዝናብ ንምቅላል ዝሕግዞም መደባት ኣውጺኦም ኣለዉ። እንተኾነ፡ ቅጽበታዊ ምላሽ ንምርግጋጽ - መሳለጥያታት የድልዮም እዩ" ክብል እቲ ቤት-ጽሕፈት ሓቢሩ።

እቲ ቤት-ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ከምዝሓበሮ፡ ኣስታት 51 ጀላቡ - ሰባት ንምድሓን ኣብ'ቶም ቀዳምነት ዝወሃቦም ቦታታት ተቐሪበን ኣለዋ።

ብኻልእ መዳይ፡ እቲ ዝናብ ኣብ መላእ ሃገር ንዝርከቡ ዲጋታትን ሩባታትን ክመልእ ዝኽእል ብምዃኑ፡ ብደርቂ ተሃስዮም ንዝጸንሑ ዃሶትን ሓረስቶትን ሶማልያ እፎይታ ፈጢሩ ከምዘሎ፡ እቲ ቤት-ጽሕፈት ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ 2023 ብዘዘከበ ብርቱዕ ዝናብን ንሱ ዘኸተሎ ዕልቕልቕን፡ 1.6 ሚልዮን ሰባት ካብ መንበሪኦም ከምእተመዛበሉ ይዝከር።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ እቲ ብርቱዕ ዝናብ - ኣብ'ቲ ንሓያሎ ዓመታት ሕማም ሸሮኽ ዘይተራእዮ ከባቢታት ኑቲ ሕማም ዝዕድም ክኸውን ከምዝኽእል፡ እቲ ቤት-ጽሕፈት ኣጠንቂቑ።

ቤት-ጽሕፈት ምውህሃድ ሰብኣዊ ጉዳያት ሕቡራት ሃገራት ምስ ሰብ-መዚ ጥዕና ሶማልያ ብምትሕብባር፡ ንጥፈታት ምላሽን ድልውነትን ንምሕያል ይሰርሕ ከምዘሎን፡ ንምትግባሩ 5.9 ሚልዮን ዶላር ዝሓትት ናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ውጥን ስራሕ ከምዘወጽአን ገሊጹ።

## ብሪጣንያ፡ ዝተዘምተ ቅርሲታት ጋና ትመልስ

ብሪጣንያ፡ ኣብ መበል 19 ክፍለ-ዘመን ካብ ጋና ተዘሚቱ ኣብ ኣብያተ-መዘክር ዝጸንሐ ቅርሲታት ክትመልስ ምዃና ገሊጻ።

ኣብ ሞንጎ ክልቲአን ሃገራት ብዝተበጽሐ ስምምዕ መሰረት፡ ብሪጣንያ ኣብ ኣብያተ-መዘክር ካብ ዘሎ ቅርሲታት ጋና - ኑቲ 32 ናብ መበቆል ዓዱ ክትመልሶ እያ።

ብሪጣንያ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2024 እውን 17 ቅርሲታት ናብ ጋና ከምዝመለሰት ጸብጻባት የመልክቱ።

ኑቲ ስጉምቲ ዘመጉሰ መንግስቲ ጋና፡ ዝተረፈ ቅርሲታት ንምምላስ ጻዕሪታቱ ከምዘሐይል ኣፍሊጡ ኣሎ።

ልዕሊ 230 ዝኸውን ዝተፈላለየ ቅርሲታት ጋና፡ ቅድሚ 150 ዓመታት ብገዛእቲ ሓይልታት ተዘሚቱ ናብ ብሪጣንያ ከምዝተጓዕዘ እዮም ጸብጻባት ዘረድኡ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 23/04/2024 | ጎደና 173 - 18 ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ ቤት ንባብ | 127582 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services